
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.199 ሰንበት 20 ሚያዝያ 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ኣውደኣመት ከቢድድዩ...

ገጽ 3
ኣገባብ ኣዘራርባና...

ገጽ 4
ካዳስትራዊ ምዝገባን...

ገጽ 5
ካብ ተመኩሮታት መጐዓዝያ

ገጽ 7
"ዕለማ ሽልማት ታምሬዳ...


# ብጹእ ወቕዱስ ኣቡነ ባስልዮስ፡ ብምኽንያት በዓል ትንሳኤ ቃለ-ቡራኬ ሂቦም



ብጹእ ወቕዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማይ - 6ይ ፓትርያርክ ወርኣሲ ሊቃነጳጳሳት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ብምኽንያት በዓል ትንሳኤ ቃለ-ቡራኬ ሂቦም።

ኣቡነ ባስልዮስ ኣብ መልእኽቶም፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ንዝነብሩ ምእመናን፡ ኣብ ማይ-ጸሎትን ሆስፒታላትን ተዓቒቦም ንዝርከቡ ሕሙማን፡ ኣብ ሓለዋ ሃገርን ልምዓትን ተዋፊሮም ንዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ብሓፈሻ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ "እንቋዕ ናብ ብርሃ ትንሳኤኡ ብሰላም ኣብጻሓኩም" ክብሉ፡ ሰናይ ትምኒቶም ገሊጾም።

ከም ዜጋታት፡ ሓደ ልብን ሓደ ቃልን ብምዃን ኣምላኽ ዝሕገሰሉን ንሃገርና ዝጠቅምን ሰናይ ሓሳባት ክንሓስብን ሰናይ ተግባራት ክንገብርን ኣቦታዊ መልእኽቶም ዘመሓላለፉ ኣቡነ ባስልዮስ፡ ቃል ኪዳን ቀዳሞት ወለድናን ሕድሪ ሰማእታትናን እናሓለና፡ እዛ ቅድስቲ ሃገርና - ፍትሒ ዝሰፈና ብልጽግቲ፣ ልምዓት ዘለዋ ምዕብልቲ፣ ከምኡ'ውን ቅሉዕ ባህሊ ዘለዋ ክብርቲ ሃገር ክትከውን፡ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ብሓድነትን ፍቕርን ተጠሚርና እጃምና ክነበርክት ሓደራ ኢሎም።

ብጹእ ወቕዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ኣብ መወዳእታ፡ መንፈሳውያን በዓላትና ተግባር ጽድቂ እንፍጽመሉን ንሓድሕድና እንተሓጋገዘሉን ስለዝኾኑ፡ ንዝተሸገሩ ክንማቕል፡ ተቐባልቲ ኢጋይሽ ክንከውን፡ ንዝሓመሙ ክንበጽሕን ንዝሓዘኑ ክነጸናንዕን ተላብዮም።

# ዓሰብ - ብኣስታት 700 ሽሕ ናቕፋ ሓደስቲ ክፍልታት ትምህርቲ ተሰሪሑ

ኣብ ከተማ ዓሰብ፡ ኣብ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ስዉእ ኣሕመድ ሂላል ተኸሲቱ ዝጸንሐ ሕጽረትን ጸበትን መማሃሪ ክፍልታት ንምፍታሕ፡ ተወሳኺ ክፍልታት ተሃኒጹ።

እቲ ህዝብን ምምሕዳርን ንኡስ ዞባ ዓሰብ ሕጽረታት ኣብያተ-ትምህርቲ ንምፍታሕ ዝወሰድዎ ተበግሶ፡ ኣስታት 700 ሽሕ ናቕፋ ወጻኢ ከምዝተገብረሉ፡ ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ተገሊጹ።

ብዝተወሰደ ተበግሶ 3 ተወሰኽቲ ሓደስቲ ክፍልታት ክስራሕ ከሎ ሰለስተ ክፍልታት ከምእተጸገኑ፡ ግዚያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓሰብ ኣቶ ብርሃ ኪዳ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ብወገኑ፡ ገጢ-ገጢ ምቕላል ሕጽረት ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኣብ ምሕያል ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ከምኡ'ውን ምምሕያሽ ውጽኢት ተመሃሮ ዝተወሃሃደ ጻዕሪ ክግበር ኣዘኻኺሩ።

# ኣብ ንኡስ ዞባታት ጊንዳዕን ሽዕብን፡ ንንግዳዊ ንጥፈታት ዝምልከት ዘተ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባታት ጊንዳዕን ሽዕብን፡ ኣብ ሕጋዊ ንጥፈታት ንግድን ኣጠቓቕማ ፍቓድ ዋጋን ዝምልከት ዘተ፡ ምስ ወሃብቲ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ተኻዪዱ።

ሓላፊት ጨንፈር ንግዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ማስዑዳ ሓመድ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ነጋዶ ብመምርሒታት ንግዲ ተማእዚዞም ምስ ዝጥፍኡ ካብ ዘይተደለየ መቕጻዕትን ክሳራታትን ክድሕኑ ከምዝኽእሉ ሰፊሕ መብርሂ ብምሃብ፡ ዘይምሕዳስ ፍቓድ ዋጋ፡ ብዘይ ፍቓድ ዋጋን ኣብ ንግዳዊ ንጥፈት ምውሳእ፡ ከምኡ'ውን ዘይተፈቐደልካ ንጥፈት ምኽያድ ብሕጊ ከምዝሕተት ገሊጻ።

ሓላፊ ጨንፈር ሰገን ኣቶ ዳዊት እምባየ ብወገኑ፡ ኣፍረይቲ ትካላትን መሸጣ መምርሒታት ህንጻን ሕጋዊ ማስርሕ ክሕዙ፡ ኣብያተ-ሕብስቲ ብቑዕን ጽሩፍን ቀረብት ክዳልዉ፣ ቤት-ጽሕፈት ሕግን ስርዓትን ድማ ግቡእ ምክትታል ክገብር ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ታሪፍ ሃለኽቲ ዳግመ-ግምት ክግበረሉ፣ መምርሒታት ንጽህና ክማላእን ጽሬት ኣከባቢ ብግቡእ ክዕቀብን ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ሓላፊት ጨንፈር ንግዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ማስዑዳ ሓመድ፡ ምስ ወሃብቲ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ሓወሲ ከተማ ጋሕቴላይን ፋሲትን'ውን ተመሳሳሊ ርክብ ከምዝተኻየደት ተሓቢሩ።

# ዓዲ-ኳላ - ሃገራዊ ማሕበር ዓይነ-ስዉራን ምስ ኣባላቱ ዘትዩ





ሃገራዊ ማሕበር ዓይነስዉራን ኤርትራ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ምስ ዝርከቡ ኣባላቱ፡ ኣብ ምምሕያሽ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታቶም ዝሕግዝ ርክብ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ፡ ኣማኻሪ ማሕበር ኣቶ ገብረማስቀል ፍስሃዬ፡ መሰላትን ረብሓን ዓይነስዉራን ተሓልዩ ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ንጥፈታት ተሳተፍትን ተዋሳእትን ንክኾኑ፡ ካብ'ቲ ብንጥፈት ዝሰራሓሉ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ትምህርትን ሕክምናን ከምኡ'ውን ካልኦት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ተጠቀምቲ ክኾኑ ንኽሕብሉ፡ ምስ መንግስትን ሃገራውያን ማሕበራትን ድልዱል ናይ ስራሕ ዝምድናታት ብምፍጣር ጻዕረታት ይካየድ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ሃገራዊ ማሕበር ዓይነስዉራን ኤርትራ ኣቶ ዳዊት ፍስሃየ ብወገኑ፡ ዓይነ-ስዉራን ከም ኩሎም ዜጋታት ብቑጠባ ነፍሶም ክኢሎም ኣፍረይቲ ንክኾኑ፡ ደገፍ ማሕበረሰብ ብፍላይ ከኣ ምትሕብባር ኣካላት መንግስቲ መሰረታዊ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንማሕበር ንዘገብሮ ዘሎ ደገፋት ኣመስጊኑ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ዓይነስዉራን ዓቕሞም ነኸፍማዕበሉን ብቑጠባ ነፍሶም ንክኽእሉን ብማሕበር ዝግበር ሓገዛት ውጽኢት ምእንቲ ክህልዎ፡ ብዘተጸንዐ መንገዲ ክስራሓሉ ኣዘኻኺሮም።

ሃገራዊ ማሕበር ዓይነስዉራን ኤርትራ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ 50 ኣባላት ኣለውዎ።

**ርሑስ በዓል ትንሳኤ**

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፈልማዊት መዓሾ

# ኣውደኣመት ከቢድ ድዩ ወይሲ ንሕና ኢና እነኽብዶ!?

**መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ኣውደኣመታት፡ ብብዝሒ እንምገቦ መግቢ ካብ ውጽኢት እንስሳታት እተዳለወ፡ ከም ገዓት ጠስሚ፡ ርግኦ፡ ዱለት፡ ቀይሕ ጸብሒ ብስጋ፡ ጻዕዳ ጸብሒ ብስጋ ከምኡ'ውን እተፈላለዩ ብሸኮትታትን ሕብስትታትን እዮም። እዞም ዓይነት መግብታት ኩሎም ይጠቕሙና ድዮም ወይሲ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣሎዎም፧ ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረ-ጻዕሪ፡ ኣብ ናይ ሎሚ ትሕዝቶና ኣብ ኣውድኣመት እንቕርቦም መግቢ እንታይ ይመስሉ፧ መኣዛዊ ትሕዝቶኦምን ጥዕናዊ ረብሓታቶምንከ፧ ኣውድኣመት ዘኽብዶ እንታይ እዩ፧ እንታይ ክንገብርከ ይግብኣና፧ ዝብሉ እርእስትታት ኣልዒልና፣ ምስ ኣስመረት ዳምር ኣዳላዊት መደብ መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ፡ ጽንዓት ብርሃነ ሓላፊት ምርምር ቴክኖሎጂ መግቢ፡ ፎውዝያ ኣልኣሚን ክኢላ ስነ-ህይወትን ኣባል ምርምር ቴክኖሎጂ መግብን ከምኡ'ውን ኣቶ በረኸት ኣማረ ተመራማሪ ባህልን ሕብረተሰብን ተወኪስና ዘዳለናዮ ጽማቚ ትሕዝቶ ቐሪቡ ኣሎ፣ ሰናይ ንባብ።**

*** ኣብ ኣውድኣመት ብብዝሒ ዝዳለዉ ዓይነታት መግቢ እንታይ ይመስሉ፧**

**ኣስመረት ዳምር፦** ኣብ ኣውደኣመት ሕሩድ ተሓሪዱ ወይ ስጋ ተገዚኡ፡ ቀይሕ ጸብሒ (ዝግኒ)፡ ኣልጫን ድሎትን እቶም ብቐጻሊ እነዘውትሮም መግብታት እዮም። ኣብቲ እንሰርሖ ኣልጫ'ውን ከም ተወሳኺ ካሮት፡ ድንሽን ዝኩኒን ምስ ስጋን ኣዕጽምትን ሓዋዊስካ ምድላው'ውን ልሙድ እዩ። እንተኾነ እቲ ዝበዝሐ መኣድና ብስጋ ዝተዓብለለ እዩ።



ኣስመረት ዳምር

*** እዞም ክንጠቕሶም ዝጸናሕና መግብታትከ እንታይ ዓይነት መኣዛዊ ትሕዝቶን ጥዕናዊ ረብሓታትን ክንረኽበሎም ንኽእል፧**

**ፎውዝያ ኣልኣሚን፦** እዞም ዓይነታት መግቢ ዝበዝሐ ፕሮቲን ማለት ንጭዋዳታት፡ ዋህዮታት ዝሃንጹን፡ ኩሎም እቶም ኣገደስቲ ኣሚኖ ኣሲድ ክንረኽበሎም እንኽእልን ብጸዓት ዝህቡን ብፍላይ ድማ ከም በዓል ድንሽ ሓዊስናሎም እንተኾይንና፡ እንተላይ ብካርቦሃይድሬት ዝሃብተሙ እዮም። ፕሮቲን ዘመንጭዉ መግብታት ምስ ተመገብናዮም፡ ቀልጢፎም ናይ ምዕጋብ ተፈጥሮ ኣሎዎም። መኣዛዊ መግቢ እንብሎ ኩሎም መኣዛታት ካርቦሃይድሬት (ሓይሊ ዝህቡና) ፕሮቲን (ንኣካላትና ዘጠንክሩን ዝሃንጹን)፡ ስብሒ፡ ማዕድናትን ቪታሚናትን (ምንጪ ማይክሮ መኣዛኣትን ኣሕቀቕቲ ፕሮቲን፡ ስብሕን ጸዓትን) ክህልዎ ስለ ዝግባእ፡ እዞም መኣዛታት ዝህቡና መግቢ ብዝተኸእለና መጠን ኣመዛዚንና ክንምገብ ኣሎና።

*** ኣብ ኣውድኣመታት እንምገቦም መግብታት እንታይ ዓይነት መግቢ እንተወሰኽናሎም እዮም ምሉኣትን ንጥዕና ዘርብሑን ዝኾኑ፧**

**ጽንዓት ብርሃነ፦** ኣብ ቀረባ እዋን እተገብረ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ኣብ ዕለታዊ መግብና ብዝተኻእለና መጠን፡ መኣድና ሕብራዊ እንተኾነ ተመራጺ'ዩ። እዚ ማለት መኣድና፡ 50 ሚእታዊት ኣሕምልትን ፍረታትን፡ 25 ሚእታዊት ብምሉእ ኣእካል (whole meal) ዝቼሙ፡ 25 ሚእታዊት ድማ ኣብ ውጽኢት እንስሳታት ዝተመርኰሰ ጌርና ክነዳልዎ ይምረጽ።

ብፍላይ ኣብ ኣውደኣመታት፡ እቲ እኹልን ጥዕናዊ ረብሓታት ዘሎዎን መኣዲ መታን ክንረክብ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ስጋ ጥራይ ነድህብ፡ ኣብ መኣድና ቀጠልያ ኣሕምልትን ፍረታትን ክንውስኽ ይግባእ።

*** ኣሕምልቲ (ብፍላይ ድማ ቀጠልያ ኣሕምልቲ) ኣብ ሕብረተሰብና ኣዝዩ ዝፍቶ መግቢ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ድማ ጥቕሞም ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ እዩ ዝገለጽ። ብዛዕባ ኣሕምልቲ ዝተማሰለ ምስላታት ከመይ ይመስሉ፧**

**በረኸት ኣማረ፦** 'ሓምሊ ዘውጽኦ ጸገም ኣይትነየት ስገም' ይብሉ ወለድና። ኣብ



ፎውዝያ ኣልኣሚን

ግዜ ክረምቲ ብሓምሊ እዩ ዝሓልፎ ሰብ። ሓምለ ብሓምሊ፡ ነሓሰ ብኹሕሊ፡ መስከረም ተታሓሒዝና ናብ እኽሊ ድማ ይወሰኹ። ኣሕምልቲ መሮር ከም በዓል ሓምሊ ብርንሃዮ፡ ሓምሊ ረዳእ (ቀልጢፉ ስለ ዝረድእ እዩ ከምኡ ተባሂሉ)፡ ሓምሊ ጠጥዒ፡ ሓምሊ በረኻ ወዘተ. ኣለዉ። ኣብ ዘመነ ኣካሒዳ'ውን ብሓምሊ ጊደበሉ ብርኪ ተተኺሉ፡ ብሓምሊ ብርናሃዮ ዘመን ሓሊፍናዮ እናተባህለ ይድረፍ ነይሩ። ስለዚ ን ኸም በዓል "ኩብድኻ ሓምሊ ምልኣዮ፡ ዝባንካ ወደ'ቦ ኣይርኣዮ" ዝኣመሰሉ ምስላታት እናደጋገምና ጥራይ ንምስሊ ሓምሊ ኣይነኣሱ። 'ሃሪ ሓላፉይ ሓሪ፡ ሰውነትካ ምቕያር ነውሪ' ዝበሃል'ውን ኣሎ። ኣብ ግዜ ጸገም ብሓምሊ ጌሮም እዮም ወለድና ዝሓልፍዎ ኔሮም። ሓምሊ



በረኸት ኣማረ

ምምጋብ ናቱ ዝኾነ ስነ-ፍልጠታዊ መግለጺ ይህልዎ ይኹን፣ ሓምሊ ምምጋብ ግና ካብ ወለድና ዝወሰድናዮን ኩሉ ግዜ ክነዘውትሮ ዝግብኣናን ምዃኑ ኢና እንርዳእ። "ሓምሊ!" ኢሉ ዝጻረፍ ሰብ እንተሎ ድማ፡ ጥቕሚ ሓምሊ ዘይተረድኦ ጥራይ'ዩ ክኸውን ዝኽእል። ናይ ዓድና ዝበዝሖ ዘይንጽዕረሎም ባዕላቶም ዝበቑሉን እዮም። ጥልያን ዘተኣታተዎም ተወሲኾሞ ድማ ኣገዳስነት ከም ዘሎዎም ኢና እንገልጾም።

*** ዝበዝሐ ሰብ "ኣውድኣመት ከቢድ እዩ" ይብል። እቲ ኽብደት ካበይ ኩይኑ ይስምዓኩም፧ እንታይ እንተገበርናኸ ይሓይሽ፧**

**ኣስመረት ዳምር፦** ኣውድኣመት እቲ መዓልቲ ዘይኮነ፡ ኣመጋግባና ዘኽብዶ ኩይኑ እዩ ዝስምዓኒ። ምኽንያቱ፡ ንኣብነት ኣብ በዓል ፋሲካ ንርአ። ሰብ ለይቲ ተንሲኡ ገዓት ይበልዕ፡ ቀጺሉ ናይ ጥብሑት ኢልካ ቁርሲ ስጋ ይበልዕ፡ ብድሕሪኡ'ውን ምሳሕን ድራርን ካብ ውጽኢት ስጋ ጥራይ ይምገብ። ኣብ ኣውድኣመት ጥራይ ዘይኮነ'ውን ቀጺለን ዘለዋ መዓልታት ስጋ ጥራይ ኢና እነዘውትር። ስለዚ፡ ነዚ ኽብደት ንምጉዳል ኣብ ኣመጋግባና ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ካልኦት ጥረታትን ከየጉደልና ክንምገቦም ከም ዘሎና'የ ዝላቦ።

**በረኸት ኣማረ፦** ኣውደኣመት ከቢድ እዩ ዝብሃል፡ ስርዓተ ኣመጋግባና እዩ። ኣብ ባህልና፡ ሕብረተሰብና ብመኣዲ እዩ ዝምገብ። ኣብታ መኣዲ ድማ ሓንቲ ዓይነት መግቢ ማለት ስጋ እንተኾይና ጸብሒ ስጋ እያ ትዳሎ ነይራ። ከምዚ ሎሚ እንገብሮ ዘሎና ኣቀራርባ፡ ትንሳኤ ምስ ኮነ ተሃንዲድና ናብ ውጽኢት እንስሳ፡ ጠስሚ፡ ርጉኦ፡ ስጋ ወዘተ. ኣይኮነን ዘቕረብ ነይሩ። ብዝሒ ዓነታት መግቢ ይዳሎ'ሞ፡ ምስቲ ሰብ ጾይሙ ዝጸንሐ ኣብ ክንዲ ቡብቑሩብ ዝምገብ፡ ኩሉ ብሓደ ይምገቦ'ሞ፡ ኣደዳ ሕማም ኩይኑ ድማ ንጽባሒቱ ናብ ሆስፒታላት ይኸዩ። ስለዚ ኣብ ኣመጋግባና ክንጥንቀቕ እዩ ዝግባእ።



ጽንዓት ብርሃነ

**ጽንዓት ብርሃነ፦** ገለ ኻብቶም ንኣውደኣመት ዘኽብድዎ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ስጋ፡ ኣብቲ መዓልቲ ብብዝሒ ሽኮራዊ መግብታት ከም ብሽኾቲ፡ ካራሜለ፡ ምቁር ሕብስትን ካልኦትን ኣለዉ። እዚኣቶም ድማ ናይ ምስልቻውን ምውሳኽ ክብደት ሰብነትን የኸትሉልና'ሞ ብእኡ መጠን ኣብ ሰምዒታትና'ውን ክብደት ይፈጥረልና። ብብዝሒ'ውን ማይ ስለ ዘይንስቲ፡ ጽልዋ ምኽባድ ይፈጥረልና። ብተወሳኺ፡ ጽዑቕ ዝኾነ መኣዲ ምስ ተመገብና ኣይንቀሳቐስን ኢና፣ ከም ሳዕቤኑ ድማ ምስልቻዋት የጋጥመና። ብፍላይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ግዜኣን ምሉእ መዓልቲ ኣብ ምድላው መግቢ እየን ዘሕልፋኦ። ስለዚ፡ ኣብ ኣውድኣመት መግቢ ብዙሕ ከየብዛሕና፡ ዓቐንና ክንምገብ፡ ማይ ክንሰትይን ክንንቀሳቐስን እመክር።

**ፎውዝያ ኣልኣሚን፦** ዝኾነ መግቢ ተመጢና ኣዳሊና እንምገቦ ጥዕና ንኽንረኽበሉን ተሓጊስና ንኽንውዕልን እዩ። ተመጊብናዮ ዘይምቹእነት ወይ ክብደት ዝፈጥረልና እንተኾይኑ ግና ኣብ ኣመጋግባና ክንጥንቀቕ ይግብኣና። ብፍላይ ድሕሪ ጾም ዝበዓሉ ኣብ ኣውደኣመታት፡ እቲ ፕሮቲን ኣእካልን ጥረታትን ጥራይ ለሚዱ ዝጸንሐ ኣካላት፡ ናብ ናይ ውጽኢት እንስሳ ስለ ዝቕየር፡ ድኻምን ምስልቻውን ከኸትል ይኽእል። ስለዚ፡ ኣብ ኣውደኣመት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ወትሩ ንኣካላትና እተፈላለየ ዓይነት መኣዛታት ብምልማድ፡ ብግቡእ ሓቚቕም እቶም ዘድልዩና መኣዛታት ንኽንረኽብ ንጽዓር።

***



## ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

# መዘነዪ

ማርታ ክብሮም

## ኣገባብ ኣዘራርባና ነመሐይሽሉ ሜላ



1. **ምስማዕ፦** ምስማዕ መሰረት ናይ ኩሉ ዓይነት ክእለት እዩ። ዝኾነ ሰብ ጸገ ኢሉ ዝሰምዖ ሰብ እዩ ዝፈቱ። ሓደ ሰብ ንዝረብካ ዕሸሽ ክብሎ ወይ ዘረብካ እናቖላለፈ ከቋርጸካ እንከሎ እንታይ ከም ዝስመዓካ እስከ ኣስተብህል። ብሓፈሻ ዝበዝሑና ሰባት ኣብ ክንዲ ምስማዕ ምዝራብ ኢና ንፈቱ። ክንዲ'ቲ ትዛረቦ ናይ ምስማዕ ልምዲ ክህልወካ ኣለዎ። ምስማዕ ንሰባት ዝያዳ ከተንበርክን ክትሰማማዕን ይሕግዘካ። "ምስ ሰባት ክትዛራረበሉ እትኽእል እቲ ዝበለጸን ዝሓየለን መገዲ ምስማዕ እዩ" ዝበሎ ኣበሃሂላ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ እቲ እትዛረቦ ዘለና ሰብ ኣድህቦና ክረክብ ኣለዎ። ሓደ-ሓደ ግዜ ደስ ዘብል ህድኣት ልዕሊ ቃላት ንሰባት ናይ ምፍዋስ ሓይሊ ኣለዎ።

ኣብ ብዙሓት ሰባት ዝርአ ጸገም፡ እቲ ምሳና ዘሎ ሰብ እናተዛረበ ከሎ እንታይ ኢልና ከም ንምልስ ንኸንሓሱብ ንኹሉ እቲ ዕላል ብዝሆነ ኣይንሰምዖን። ፋዩ ዶል ዝተባህለ ተመራማሪ ኣብዚ መዳይ ኣመልኪቱ ኣብ ዘካየዶ መጽናዕቲ፡ ክልተ ዓይነት ምስማዕ ከም ዘሎ ይገልጽ፡ ቀዳማይ ንኽትርድኦ ምስማዕ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ንኽትምልስ ኢልካ ምስማዕ እዩ። እቶም ንኽንርድኦ ኢልና ዝሰምዑ ልዕሊ ካልኦት ኣብ ዝምስርትዎ ዝምድና ዕውታት ከምዝኾኑ ይገልጽ።

ስለ'ዚ ንፉዕ ሰማዒ ንኽትከውን፦

• ንኹብሸኻ ኣብ ቦታ ናይቲ ዝዛረብ ዘሎ ሰብ ኣእትዋ።

• ኣቓዲምካ ግምታትካ ኣይትሃብ።

• ሰባት ክዛረቡ ከለው፡ ንስምዒታቶም ኣስተውዕሎ።

• ክዛረቡ ከለዉ ዓይኒ ዓይኖም ርአ።

• ትሰማማዕ ከምዘለኻ ዝገልጽ ገለ ቃላት ተጠቐም።

2. **ህዉኽ ፍርዲ ዘይምሃብ፦** ምሕሳብ ኣሸጋሪዩ፡ ስለዚ ድማዩም ዝበዝሑ ሰባት ፍርዲ ንምሃብ ዝቀዳደሙ። ሰባት ንምፍራድ ቅልጡፍ ምስ እትኸውን ንዘርርብካ ዕውት ከምዝይከውን ኢኻ ትገብሮ። ፍርድታት ምሃብ፡ ንኹሉ እንገብሮ ዕላላት ኣዕናዊ እዩ። ክፉት ኣእምሮ ግና ናይ ምዝርራብ ክእለትካ የመሓይሾ።

3. **ኣብ ገጽ ዝርአ ስምዒታት ከተንብብ ምፍታን፦** ኣብ ውሽጥኻ ዝሰምዓካ ዘሎ ንገደኒ ጉዳያት፡ ብምሉእ ኣድህቦ ክትሰምዕ ፈትን። ኣብ ገጽ ብዒይካ ዘሎ ስምዒታት ብምንባብ እቲ ሰብ ተሰሚዑዎ ዘሎ ነገር ምርዳእ ይከኣል። ከምኡ'ውን እቲ ሰብ ብዘሎ ኣርእስቲ ጸቢቑ እንተ ዘይተሰሚዕዎ፡ ኣርእስቲ ምቕያር ይከኣል።

4. **ምቹእ ኩፍ መበሊ ምጥቃም፦** ኣብ ሓደ ዘይምቹእ ቦታ ኑብሸኻ ጨቢጥካ ኩፍ ምባል ንዕላል ዘይምችእ ክኸውን ይኽእል። ከምኡ'ውን ነቲ ምሳኻ ዘሎ ሰብ ተዛዚዩ መታን ክዕልል ኣእዳውካ ኣጣሚርካ ኩፍ ኣይትበል። ምኽንያቱ ቋንቋ ኣካላት'ውን ንባዕሉ ይዛረብ እዩ። ስለዚ፡ ኣእዳውካ ኣጣሚርካ ኩፍ ምባል፡ ደስ ከምዘይበለካ ዝርኢ። ስለዝኾነ፡ ምስ ሰባት ኣብ እትዛራረበሉ ግዜ፡ መቺኡካ ኩፍ በል።

5. ንሰባት ብዛዕባ ኑብሶም ክዛረቡ ኣተባብዖም፦ ንሰባት ናብ ኑብሶም ዘዘኻኽር ሕቶታት እናሓተትካ ዕላል ክትከፍት ትኽእል ኢኻ። ብመሰረት ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ሰባት ብዛዕባ ኑብሶም ክዛረቡ ኣብ ዝጀመሩሉ ግዜ፡ ልክዕ ከም'ቲ መግቢ ወይ ገንዘብ ምስ ረኸቡ ዝሕጎስዎ ከምዝሕጎሱ ይፍለጥ።

6. **ኣብ እተዕልሉሉ ግዜ፡ ሰባት ኩሉ ግዜ ምስ ሓሳባትካ ክሰማምዑ ከምዘኽእሉ ኣይትሕሰብ፦** ንብጹትካ ብሓይሊ ምስ ናትካ ሓሳባት ክሰማምዑ ኣይተገድድዮም። ከም'ቲ ሕብሪ ገጽና ዝፈላለ ኣተሓሳስባና'ውን በበይኑ እዩ። ስለዚ "ናይ ክስቶ ሓሳብ ጸቡቕ፡ ናይ ክስቶ ግና ሕማቕ" ምባል ቅኑዕ ኣይኮነን።

7. **ካብ ኻፍሲ-ወከፍ ርክብ ክትመሃር ፈትን፦** ኻፍሲ-ወከፍ ሰብ ኻፍቱ ኣረኣእያን ርድኢትን ኣለዎ። ምሳኻ ዘዕልሎ ዘሎ ሰብ ምናልባት ኣብ ህይወት ብዙሕ ተመኩሮታት ህይወት ዝሓለፈ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ካብኡ ብዙሕ ክትመሃር ትኽእል። ከኢላ ስነ ልቦና ዶክተር ሱሳን ክራውስ ብዛዕባ ናይ ካልኦት ባህሊ፡ ብዛዕባ ሃገራትን ሃይማኖትን ክትፈልጥ እንተደሊኻ ናይ ምስማዕ ልምዲን ምስ ሰባት ዝምድና ክህልወካን ኣለዎ ትብል። ከምዚ ዓይነት ልማድ ምስ ዝህልወካ፡ ጸቡቕ ናይ ምዝርራብ ክእለት ክተጥሪ ትኽእል።

## ካብ ኣደነቕቲ ባህርያት እንስሳታት



• ኣናጹ ቅድሚ ኑቲ ዝደለያኦ ነገር ምብላዐን መርዞም ደዩ ኣይተኻን ንምርግጋጽ ይሸናሉ።

• ኣብ ጥንጦሊዳሽ ዝኡብር ኑብሪ ቀንዲ ዝፍለጠሉ ነገር ብሓንሳብ ብዙሀልኽ መግቢ እዩ። ኣብ ሓደ እዋን ክሳብ 27 ኪሎ ስጋ ክበልዕ ይኽእል። ኑቲ ዝተረፈ መግቢ ከኣ ጸኒሑ ክበልዖ ኢሉ ኣብ መሬት ይቐብሮ።

• ዓጋዜን ካብ ጸላእቶም ኣብ ዝሃድሙሉ ግዜ ብቐርጺ ዚግዞግ ይጎዩ።

• ፍሒራ ዝተባህለ እንስሳ ሰፈ የብሉን፡ በቲ ነዊሕ መልሓሱ ግና መዓልታዊ ክሳብ 35,000 ጻጻን ፍልሖን ክበልዕ ይኽእል።

• ኣናኮንዳ ዝተባህለ ዓይነት ገበል ንሓደ እንስሳ ምስ ኣጥቅዖ፡ መጀመርታ ትንፋስ ከምዝደረኽብ ገይሩ እዩ ዝዕፍኖ። ድሕሪኡ ኣፉ ክሳብ ዝኣኽሎ ብምኽፋት፣ ብሓንሳብ ይውሕጦ።

• ናይ ምስትንፋስ ህዋስ ጽንብላሊዕ ኣብ እግራ ዝርከብ ኮይኑ፡ ካብ ናይ ሰባት ብ200 ዕጽፊ ይሕይል። ኣብ ዕምባባ ዘለዎ ተኽሊ ምስ ዓለበት፡ ዝበላዕ ደዩ ኣይብላዕን ሹቲታ ክትፈልጥ ኣይትሸገርን።

• ናይ ምሽታት ዓቕሚ ከልቢ ብ100,000 ግዜ ካብ ናይ ሰብ ይዓቢ። ኣብ ውሽጢ ኣፍንጫኦም 300 ሚልዮን ንምሽታት ዝሕግዞም ህዋሳት ክህልዎም ከሎ፡ ናይ ሰባት ግና ካብ 6 ሚልዮን ዝበዝሕ ኣይኮነን።

• ፍላሚንጎ ዝተባህለት ዓይነት ዑፍ ርእሳ ኣድኒና ጥራይ እያ ክትበልዕ ትኽእል። ከምኡ'ውን ሓንቲ ካብቶም ውሑዳት እንስሳታት እናበልዐት ከላ ላዕለዋይ መንጋግኣ ከተንቀሳቕስ እትኽእል እያ። ብዘይካ'ዚ፡ ምኽንያት ናይቲ ደጋዊ ርኣ ሕብራ ካብቲ እትምገቦ ዓይነት መግቢ ከምዝዛበስ ይግለጽ።

• ኣንጭዋ ዝተባህለት ዓይነት ካንጋሮ ማይ ከይሰተየት ክትነብር ትኽእል። ኩሉ ዘድልያ ፈሳሲ ካብ'ቲ ትበልዖ መግቢ ክትረኽቦ ኣይትሸገርን።

• ድሙ ሽኮራዊ ነገር ከተስተማቕር ኣይትኽእልን እያ። ምኽንያቱ ሽኮራዊ ዘስተማቕር ህዋስ ኣብ መልሓሳ የብላን። እንተኾነ ወላ'ኳ ሽኮራዊ ከተስተማቕር ኣይትኽኣል፡ ሰባት ከስተማቕርዎ ዘይክእሉ ክበራት ከተስተማቕር ትኽእል።

• ሓርገጽ ልዕሊ 30 ዓመት ክነብር ይኽእል። እንተኾነ ኣብዚ ዕድመ'ዩ ኣካላቱ ምሉእ ብምሉእ ዝዓቢ።

• ኣንስተይቲ ኣንበሳ ንዝበዝሐ ሃድን ባዕላ'ያ ተካይዶ፣ ተባዕታይ ኣንበሳ ግና ክብሩ ክሕሉ ጥራይ'ዩ ዝደሊ።

• መንካዕ እታ እንኮ ክትነፍር ትኽእል መጥበዊት እንስሳ እያ። ኣብ ሰዓት ከኣ ልዕሊ 160 ኪሎ ሜተር ክትገዓዝ ትኽእል። ኣዕጽምቲ ናይ ኣእጋራ ቀጢን ብምዃኑ ግና ነዊሕ ክትከይድ ኣይትኽእልን እያ።

• ሓደ ግራም መርዚ ናይ ኮብራ ንሓደ ሰብ 150 ግዜ ክቕትሎ ይኽእል። እቲ መርዚ ንስርዓት ምስትንፋስን ልብን ብምጥቃዕ እዩ ናብ ሞት ከምዝብጽሕ ዝገብር።

## ቀቢላ ማው



ቀቢላ ሳተረ ማው፡ ኣብ ከባቢኦም ማወ ተባሂሎም ይጽውዑ። ብዘይካ'ዚ ማሾ፡ ማልሬ፡ ማገዋስ፡ ጃከዛሱ፡ ማሁሱ ማዋስ፡ ማሁ፡ ኣራፕዩም ተባሂሎም'ውን ይጽውዑ እዮም። ማወ ኣብ ማእከል ፈለግ ኣማዞን ዝነብሩ ኮይኖም ብዝሒኦም ካብ ሓደ ሚልዮን ዝሓልፍ ኣይኮነን።

ማወ ንከባቢ ሰለስተ ዘመናት ብፖርቱጋል ተገዚኦም እዮም። ዝበዝሑ ደቂ ተባዕትዮ ናይ'ዚ ቀቢላ ብዘይካ ማወ ቋንቋ ፖርቱጋል'ውን ይዛረቡ። ደቂ ኣንስትዮ ግና ቋንቋ ሳተረ ማወ ጥራይ እየን ዝዛረባ።

ማወ ካብ ቀደም ኣትሒዞም ናይ ጫካ ህዝቢ እዮም። ካብ 20 ክፍለ ዘመን ኣትሒዞም ግና ኣብ ማእከል እቲ ማይ ዝርከቦ ጫካታት፡ ዓድታት ክሰርሑን ክሓርሱን ጀሚሮም። ማወ መሰረትቲ ናይ ሕርሻ ተኽሊ ባዕሎም ከምዝኸፍቱ እዮም ዝዛረቡ።

ኻፍሲ-ወከፍ ዓዲ ናይ ማው 'ቱጻዋ' ተባሂሉ ዝጸዋዕ መራሒ ኣለዎ። ቱጻዋ ዓዲ ኣከባቡ ኣኼባታት የካይድ፡ ውሽጣዊ ግርጭታት ይፈትሕ፣ ፈስቲቫላትን ጸምብላትን ዝጸልሉ መዓልቲ ይሰርዕ። ብዘይካ'ዚ ከም መግለጺ ልግሱ ኣጋይሽ ዓዲሙ መግቢን ማስተን ይጋብዞም።

ሳተረ ማወ ዝነብሩሉ ኣከባቢ ሰትዮ ይብሃል። ኣብ ሰትዮ፡ ኻፍሲ-ወከፍ ስድራ ናታ መንበሪ ኣለዋ። ኣብ መንበሪኦም ኩሉ ግዜ ንሙብሳሊ መግብን መግመቕን ሓዊ ይኣጉዱ።

ካፖ ጓራና ዝበሃል ዓይነት መስተ ኣብ ሃይማኖታውያንን ጸምብላትን ዝሰተ ዓይነት መስተ እዩ። ኩሉ ተሳታፊ እቲ መደብ ወላ ህጻናት ክሰትይዎ ይፍቀድ።

ደቂ ተባዕትዮ ዕድመ ብጽሕና ኣብ ዝኣትዉሉ ግዜ ኣብ መበል 13 ዓመቶም ጸምባል ብጻጸ ምንካስ ይካየደሎም። ንመንከሲቲ መርዞማት ጻጸ ክጸወርዎ ኣለዎም። ከም ምልክት ሰብኡትነቶም ኑቲ ቃንዛ ክጻወርዎን ከይበኸዩ ክጥንቀቑን ኣለዎም። ምኽንያቱ እንተበኽዮም፡ ኑቲ መንከሲቲ ክደግምዎ ክግደዱ እዮም።

## ፓሽን ፍላወር



ፓሽን ፍላወር፡ ብቐለሉ ዝበቁል ዓይነት ተኽሊ እዩ። ዝተፈላለዩ ዓሌታት ናይ'ዚ ተኽሊ ብደቀቦት ኣመሪካን ካልኦት ሕብረተሰባትን ንዘመናት ዝኣክል ኣብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክውዕሉ ተረኺቦም እዮም። ካብቶም ዘውቱራት ዝበኩ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ፓሽን ፍላወር፡ ኣብ ምፍዋስ ጭንቀትን ስእኑት ድቃስን፡ ቃንዛ ዘስዕብ ምንቅጥቃጥ ጭዋዳታትን ይውዕል ምንባሩ መዛግብቲ ሕክምና ይምስክሩ። ፓሽን ፍላወር ልዕሊ ዝኾኑ ንመትንታት ኣብ ምዝናይ'ኳ ዝልለ እንተኾኑ፡ ብተወሳኺ፡ ንፈኩስን ማእከላይን ቃንዛ ኣብ ምዕጋስ ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ኣለዎ።

እዚ ተኽሊ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍላተ-ሃገር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ወሰናስን መንገዲ ከይተረፈ ብባህሪ ዝበቁል ተኽሊ እዩ። እቶም ኣብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝውዕሉ ክፋላት ናይዚ ተኽሊ - ኣቑጽልቲ፡ ዕንባባታቱን ጉንዱን ስእኑት ኢሉ ድማ ሰራውሩ እዮም።

ብዙሓት ዓሌት 'ፓሽን ፍላወር' ክህልዉ እንከለዉ፡ ሙብዝሕትኦም ዓሌታት ቁጽሊ ኣለዎም። እዞም ኣቑጽልቶም ድማ እዮም ዝያዳ ቃንዛ ኣብ ምህዳእ (ምዕጋስ) ተደላይቲ ዝኾኑ። ዝበዝሐ ግዜ ኣቑጽልቶም ተጸፊዮም ብመልክዕ ፈሳሲ ንመድሃኒት ይዳለው። ብማይ ተጠጢቖም ከም ሻሂ ኩይኖም እውን ክውሰዱ ይኽእሉ።

ኣቑጽልትን ሰራውርን ናይ ዝተፈላለዩ ዓሌታት 'ፓሽን ፍላወር' ናይ 'ቤታ-ካርቦሊን ሃርማላ ኣልካሎይደስ' ዝተባህሉ ትሕዝቶ ስለዘለዎም፡ ንሓንጎልና ጸቢቕ ከም ዝሰምዓና ናይ ምግባር ብቕዓት ኣለዎም። ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ ጭንቀትና ኣዝዩ ክጎድል ወይ ፈጺሙ ክጠፍእ ይሕግዘና። እቲ ጸቡቕ ነገሩ ድማ፡ ክሳብ ሕጂ ዝጥቀስ ጎድናዊ ሳዕቤን ኣይተረኽበን። ብሓፈሻ 'ፓሽን ፍላወር' ንስርዓት መትኒ ናይ ምዝናይ ዕድል ስለ ዝኸፍተሉ፡ ካብ ቃንዛ ዓንዲ ሕቆ ጀሚርካ ንዝተፈላለዩ ናይ ቃንዛ ስምዒታት ናይ ምፍዋስ ተኽእሎ ኣለዎ።



# ኣከባቢ







ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ካዳስትራዊ ምዝገባን ክፍሊት ኣገልግሎትን



እዚ ብቤት ጽሕፈት ካዳስተር (ሚ/መ/ማ/ኣ) ተዳልዩ ብተኸታታሊ ናባኹም እኑብሎ ዘለና ጽሑፍ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ሕታም ዓምዲ ኣከባቢ፡ "ካዳስትራዊ ስርዓት፡ ኮምፕዩተራዊ ስርዓት-ሓበሬታን ጠለባቱን" ዘርእስቱ ትሕዝቶ ምእንጋድና ይፍለጥ። ሎሚ ድማ፡ "ካዳስትራዊ ምዝገባን ክፍሊት ኣገልግሎትን" ብዝብል ኣርእስቲ ዝተዳለወ ጽሑፍ ነቕርበልኩም።

ቀዋሚ ዝበሃል ንብረት፥ መሬት፡ ብመሰል ተጠቃምነት ዝዕደል መሬት ሕርሻ፡ ብክራያዊ መሰል ዝዕደል መሰኖኣውን ክረምታውን ሕርሻ፡ ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኩነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ከም መንበሪ ኣባይቲ፡ ትካላት (ጋራጅ፡ ፋብሪካ፡ መኻዚን፡ ሆቴል...)፡ ወዘተ የጠቓልል። ቀዋሚ ንብረት ሕጋዊ ተፈላጥነት ንኽህልዎ ክምዝገብ ይግባእ። ኣብ'ዚ ክንጸር ዘለዎ፡ መሬት ብመሰረት ኣዋጅ መሬት ቁ/58/1994 ናይ መንግስቲ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ፡ መሬት ብመሰል ተጠቃምነት ይምራሕን ይምዝገብን። ምዝገባ መሬት፡ ምምዝጋብ መሰል ተጠቃምነት ወይ ዋንነት መሬት (ብሕታዊ ዋንነት መሬት ኣብ ዝጥቀማ ሃገራት) ወይ መሰርሕ ሰነዳ መሰላት ኣብ መሬት ብመልክዕ ምዝገባ ውዕላት ማለት'ዩ። ብሓጺሩ፡ ምዝገባ መሬት ምስ'ቲ ብተጠቃምነት ዝዕደል መሬት ዝተኣሳሰር እዩ። ኣብ'ዚ ዝህሉ መሰል ንተጠቃምነት ደኣ'ምበር፡ ንዋንነት ዝምልከት ኣይኮነን። ውሑስ መሰል ተጠቃምነት ንምርግጋጽ ከኣ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመሰል ተጠቃምነት ክምዝገብ ኣለዎ። ኣቐዲሙ፡ መሬት ክምራሕ እንከሎ፡ ሰነድ ውዕል ክራይ መሬት ብኽፍሊ መሬት ይወሃቦ። ብኻልእ ኣዘራርባ ምርሒት መሬት ማለት'ዩ።

ምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን፡ ኣብ ኣዋጅ ቁ/95/1997 ይምርኮስ። ቤት ጽሕፈት ካዳስተር፡ ኣብ'ዚ ኣዋጅ ተመርኲሱ ብዘውጽኦ መምርሒ ስራሕ ተማእዚኑ ይሰርሕ። እቲ ኣብ ልዕሊ መሬት ዝደኮን ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ብመልክዕ ዋንነት'ዩ ዝምዝገብ። ውሕስነት ዋንነት ቀዋሚ ንብረት ድማ የረጋግጽ። እዚ ዓይነት ቀዋሚ ንብረት ንውሕስና፡ ትሕጃ፡ ወዘተ ከገልግል እንከሎ፡ መሬት ግን፡ ብመሰል ተጠቃምነት ዝዕደል ናይ መንግስቲ (ህዝባዊ) ስለ ዝኾነ፡ ንልቓሕ ኮነ ንውሕስነት ኣየገልግልን'ዩ። ምኽንያቱ ብመሰረት ኣዋጅ፡ መሬት ክሽየጥ ኮነ ክልወጥ ስለ ዘይክእል። እቲ ንውሕስና ወይ ልቓሕ ዘገልግል ዘይንቀሳቐስ ንብረት ከኣ፡ እቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ዝተመዝገበ ቀዋሚ ንብረት ጥራይ እዩ። እዚ ዝተጠቕሰ ረቡሓ ንምርካብ ድማ ዋናታት ንብረት፡ ንብረቶም ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ከመዝግቡ ይግባእ።

ኩሉ ዓይነት ንብረት ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ኣይምዝገብን'ዩ። እቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ዝምዝገብ እቲ ብሕጋዊ መገዲ ዝተዓደለን ብፕላን ዝተሰርሐን ጥራይ እዩ። ብፕላን ምስርሑ ዘረጋግጽን ዝምስክርን ከኣ ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት (ተክኒክ)

እዩ። ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት (ተክኒክ)፡ ብቐዓት ናይ'ቲ ህንጻ ኣረጋጊጹ፡ ምስ ካልእ ኣድለይቲ መበቈላዊ ሰነዳት ንኽምዝገብ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ይልእኾ። ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ድማ፡ ቅጥዕታትን ህላወ ኣድለይቲ ሰነዳትን ብምርግጋጽን ክፍሊት ኣገልግሎት ምዝገባ ብምኽፋልን ይምዝግቦን ምስክር ምዝገባ ዋንነት ቀዋሚ ንብረት የዳልወሉን።

ካዳስትራዊ ምዝገባ ኣብ ዋንነት ወይ ተጠቃምነት፡ ኩብሪ ቀዋሚ ንብረት (ንኣብነት፡ ህንጻ)፡ ኣጠቓቕማ መሬት ወዘተ. ዘተኩር ኰይኑ ብቐንዱ ንምሕደራ መሬት የገልግል። ውሑስ ንብረት ንምርግጋጽን ግቡእ ምሕደራ መሬትን ሃብትን ንምሕጋዝን ድማ እዩ መሬትን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ክምዝገብ ኣለዎ ዝበሃል። ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ምዝገባ መሬትን ካዳስትራዊ ምዝገባን ሕጋዊ ተፈላጥነት ዋንነት ንብረት ወይ መሰል ተጠቃምነት መሬት ይህቡ። ኣብ መስርሕ ምዝገባ ጉድለት ንኸየጋጥም ግን ልዑል ጥንቃቐ ክግበር የድሊ።

ካዳስትራዊ ምዝገባ ምስ ምዝገባ መሬት ተመሳሳሊ እዩ። ክልቲኦም ብዛዕባ መዛግቡቲ መሬት እዮም ዝገድሱ (ዝዘርቡ)። ኣብ ተመክሮ ሃገርና (መሬት ናይ መንግስቲ ስለ ዝኾነ)፡ ምዝገባ መሬት ብተጠቃምነት ኣብ ዝዕደል መሬት ከተኩር እንከሎ፡ ካዳስትራዊ ምዝገባ ኸኣ ንኹሉ፡ ማለት

ብዋንነት ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረት ይኹን ብተጠቃምነት ዝተዓደለ ቃጽያ መሬት፡ ዘይተዓደለ መሬት መንግስቲ፡ ክጽዮኡ'ውን ብኣጠቓቕማ መዓላ መሬት ዝተለለየ ቦታታት - መሬት ሕርሻ፡ መጋሆጫ፡ ሕዛእቲ፡ ዕደና፡ ስትራተጂካዊ ቦታታት፡ መዘናግዒ ማእከላት ወዘተ. የተኩር።

እንታይ ረብሓታት ስለ ዘለዎ እዩ መሬትን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ክምዝገብ ኣለዎ ዝበሃል? ካብ ዘለዉዎ ብዙሓት ረብሓታት ገለ ንምጥቃስ፡

- ምዝገባ ሕጋዊ ተፈላጥነት፡ ርጉጽነት መሰል ተጠቃምነት መሬትን ዋንነት ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረትን ብምሃብ ሕጋዊ መርትዖ ንምቕራብ የገልግል።

- ብመንገዲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ዝተመዝገበ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ቀዋሚ ንብረት (ህንጻ ይኹን ካልእ)፡ ዋና ንብረት ብትሕጃ ንብረት ልቓሕ ካብ ባንክን ውሕስናን ይረክብ።

- ምዝገባ ሕጋዊ ተፈላጥነት ብምሃብ ምስ መሬትን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን ዝተኣሳሰር ብልሽውና፡ ምስሕሓብን ክርክር ኣብ ኣብያተ-ፍርድን የውሕድ። ሕጋዊ መርትዖ ብምቕራብ፡ ፍሉጥ ሰፍሓትን ዶባትን ብምንጻር ንምድንጋር ነቓዕ (ቦታ) ይኸልእ።

- ዝተመዝገበ ቀዋሚ ንብረት፡ ንብልሽውናን ምትላልን ዝተቓልዐ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ መበቆላዊ

ሰነዳት ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ስለ ዝተሓዝን ብመገዲ ፓብሊክ ኖታሪ ዝግበር ምትሕልላፍ ቀዋሚ ንብረት ከኣ በቲ ስሙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ዝተመዝገበ ዋና ንብረት ወይ ከኣ ንጹር ሓላፍነት ዝተዋህቦ ሕጋዊ ወኪሉ ጥራይ ስለ ዝፍጸምን። ዋና ንብረት፡ ሰነድ ምስ ዝበላሸዎ ወይ ዝጠፍኦ'ውን፡ ጥርዓን ኣቕሪቡ ትኽክል ቅዳሕ ካብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ክወስድ ይኽእል።

- ካዳስትራዊ ምዝገባ፡ ውሕስነት ዋንነት ቀዋሚ ንብረትን መሰል ተጠቃምነት መሬትን ብምርግጋጽን ምትእምማን ብምፍጣርን ኣብ መሬት ዝያዳ ጻዕሪን ወፍሪን ክግበር ይድርኽ።

- ካዳስትራዊ ምዝገባ፡ ኣብ ምሕንጻጽ ፖሊሲ ምሕደራ መሬትን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን ዘድሊ እዋናዊ ስታቲስቲካዊ ሓበሬታ ንኣዕለዎት ሓለፍቲ ንምቕራብ ይሕግዝ።

- ካዳስትራዊ ምዝገባ፡ ስሉጥ ምትሕልላፍ ቀዋሚ ንብረት የረጋግጽ። ኣቐዲሙ ኣብ ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር ዝተመዝገበ ንብረት፡ ብመሸጣ፡ ውርሻ፡ ህያብ፡ ካልእ ኣገባብ፡ ክተሓላለፍ ኣብ ዝድለየሉ፣ ስሉጥ ምትሕልላፍ የረጋግጽ። ዘይተመዝገበ ንብረት ግን፡ ኣቐዲሙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ክምዝገብ ስለ ዝሕተት፡ ተመዝጊቡ ንኽተሓላለፍ ነዊሕ ግዜ ይወስድ።

- ኣታዊታት መንግስቲ የኻዕብት። መንግስቲ፡ ካብ ንግዳዊ ሕርሻን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን ብስሩዕ ዓመታዊ ግብርን ክራይ መሬትን ኣብ ግዜኡ ክእኩብ የኽእል።

- ንምሕደራ መሬትን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን የገልግል። መሬት ውሱን ስፍሓትን ሃብትን ስለ ዘለዋ፡ ወዲ ሰብ ብርትዓዊ ኣገባብ ከማሓድራ ይሕተት። እዚ ኸኣ፡ ነቲ ንእናዓበየ ዝኸይድ ጠለባት መነባብሮ ህዝቢ ንምምላእ፡ ባህርያዊ ኣከባቢ ካብ ምንቅልቋል



ንምድሓን፡ ቀጠባዊ ዕብየትን ኣድማዒ ኣጠቓቕማ መሬትን ንምርግጋጽ ወዘተ. የኽእል።

- ካዳስትራዊ ምዝገባ፡ ግቡእ ምሕደራ መሬትን ሃብትን ንኽህሉ፥ እቶታውነት ኣብ'ቲ ብመሰል ተጠቃምነት ሕርሻን ንግዳውን (ክረምታውን መሰኖኣውን) ዝተዓደለ መሬት ንምዕባይን ዘላቒ ምዕባለ ንምርግጋጽን ይሕግዝ።

- ኣብ ምህናጽ ከተማታትን ሓወሲ ከተማታትን ብቑዕ ከተማዊ ውጥን፡ ምዕባለ ትሕተ-ቕርጺን (መትረብት ማይ፥ ደረቕን ጥሉልን ጐሓፍ፥ ኤለክትሪክ፥ ተሌፎን) ኣድማዒ ኣከባብያዊ ምሕደራን ንኽህሉ ምቹእ ባይታ የጣጥሕ። እዚ ብዙሓት ኮምፕዩተራዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ዝተኸሉ ሃገራት ዝጥቀማሉ እዩ።

እዚ ዝተገልጸ ረብሓታት ዘለዎ ንብረት ክምዝገብ እንከሎ፡ ርትዓዊ ክፍሊት ኣገልግሎት ክኽፈሎ ግድን እዩ። ኣብ'ቲ ፈለማ እዋን፡ ብምኽንያት ድሩት ፍልጠት ብዛዕባ ካዳስተርን ክፍሊት ኣገልግሎትን፡ ክፍሊት ኣገልግሎት ኣብ መጽናዕቲ ዘይተመርኮሰ፡ ብዛውሪ ዝተጐበረን ስማውን ኰይኑ ቀጺሉ። ክፍሊት ኣገልግሎት ምዝገባ፡ ብዛውሪ ዝትመን ዘይኩነ ዝምርኮሰሉ ስርዓት የድልዮ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ መስርሕ ክፍሊት ምትሕልላኽ ምእንቲ ከይፍጠር ቀሊል ኣገባብ ምኽታል የድሊ። ከም'ኡ ስለ ዝኾነ ንደቂቕ ሕሳባት - ናይ ኩብሪ ቀዋሚ ንብረት፡ ዝርከበሉ ከባቢ፡ ፍርያምነት መሬት ወዘተ ገዲፍካ፡ ኣብ ቀሊል ቅማረ ብምምርኳስ፡ ህንጻታት፡ ኣብ ዓይነት ህንጻ ወይ ስፍሓት ስሩሕ ህንጻ፥ ስፍሓት መሬት፡ ንግዳዊ ሕርሻ ድማ፡ ኣብ ዓይነትን ስፍሓትን መሬት፡ ትሕጃን ምስራዝ ትሕጃን ድማ፡ ኣብ ብዝሒ ብልቓሕ ካብ ባንክ ዝውሰድ ገንዘብ ከም ዝምርኮስ ተገይሩ ኣሎ። እዚ ካብ ተመክሮ ካልኦት ሃገራት ዝተረዓመ ኩይኑ ምስ ክውንነት ሃገርና ተዛሚዱ ኣብ 2018 ዝተኣታተወ እዩ። ኩሉ ክግንዘቦ ዘለዎ፡ ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ንምምዕባልን ቀጻልነቱ ንምውሓስን፡ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ምስ መድረኽ ተሳንዩ ዝኸይድ ርትዓዊ ክፍሊት ኣገልግሎት ክተኣታቱ የድልዮ። ከም'ኡ ስለ ዝኾነ ድማ እዩ፡ ኣብ መዐቀኒ ተመርኲሱ ርትዓዊ ክፍሊት ኣገልግሎት ተኣታትዩ። ኣብ ቀጻሊ፡ ምስ ምዕባለ ዝሳነ ምምሕያሽ ከም ዘድልዮ'ውን ኣየጣትዕን።


**ተወሳኺ መብርሂ**

1. **ኣብ ሓደ ቃጽያ መሬት፡** ብፕላን ማንታ ቪላ ወይ ቪላን ኣፓርትማን ዝተሃንጹ ምስ ዝኾኑ፥ ከም ክልተ ዝተፈላለዩ ንብረት ይምዝገቡን ብኡ መጠን ክፍሊት ምዝገባ ይሕተተሎምን።

2. **ብፍቓድ ዝተታሕዘ መሬት ንግዳዊ ሕርሻ፡** መሰኖኣዊ ይኹን ክረምታዊ፡ ብግቡእ ዝተቐየሰ ፕላንን ውዕል ክራይ ኣጠቓቕማ መሬትን ዘማልአ ክኸውን ይግባእ።

3. **ምርባሕን ምስባሕን ከብቲ፥ ሓሸሞ፥ መፍረ-ደርሁ፡** ወዘተ ክፍሊቶም ምስ መሰኖኣዊ ይሕሰብ።

**ቤት ጽሕፈት ካዳስተር (ሚ/መ/ማ/ኣ)**



# ካብ ታሪኽ ሰውራና !



መሓመድ እድሪስ

## ካብ ተመኩሮታት መጉዓዝያ

### ሻሙናይን መውዳእታን ክፋል

### መራሕቲ መካይን ሰውራን ተወፋይነቶምን

መራሕቲ መካይን ሰውራ ኣብ ኩሉ ነይሮም። ኣብ ውሽጢ መሬት ሱዳን ኣብቲ ሰጥ ዝበለ ካርታሙ፣ ኣብ ሜዳ (ሳሕል) ኣብቲ ሰማይ ጠቀስ ጎቦታት፣ ኣብቲ ሰፊሕ መሬት ባርካ፣ ኣብ ምዕራብ ኣብ ድሕሪ ማስመር ጸላኢ፣ ኣብ ደጀን ኣብ ቅድመ ግንባር፣ … ኲታ ኣብ ኩሉ ሰሪሖም።

ንሳቶም ኣብ ቅድመ-ግንባር ኰይኖም ዕጥቅን ስንቅን የመላልሱ። ለይቲ መብራህቲ ኣጥፊኦም፣ ድምጺ ሞተረ ብጸላኢ ከይስማዕ እናተጠንቀቑ፣ ብጸዕዳ ጨርቂ እናተመርሑ ደርባ መዳፍዕን ሚሳይላትን ኣብ ዝበኖም እናዓለበ ናብቲ ርሱን ኲናት ይኣትዉ። ነቲ ካብ ሳሕል ክሳብ ምዕራብ ዘሎ ኣማኢት ኪሎ ሜተራት ዝዘርጋሐ መንገድን ኣብኡ ዘጋንፍ ናይ ጸላኢን ሓሙሻይ ማስርዕን ተጻብኦታት (ድኑብያታትን ፈንጂታትን) ሰጊሮም ብተወፋይነት ተጋዲሎም።

ብደብዳብ ነፈርቲ፣ ብመዳፍዕን ብኮቶቲን ዝተወፈዩ ኣብቲ መጎጣጢ ዘይብሉ ጸቢብቲ ሩባታት ንበረት ሰውራ ከድሕኑ ክብሉ ብውሕጅ ዝተወስዱ'ውን ውሑዳት ኣይኮኑን። ካብቲ ብዙሕ ንመራሕቲ መካይን ዘጋንፍ ካብ ዝበረን ክቡር ህይወትን ኣካልን ዝተኸፍሉ ሓደ ኣብነት ክንጠቅስ፣

ኣብ ለሚ ኲይኑ ናብ ባሕቲ ግንቦት 1983 ዘውገሐት ለይቲ ዘጋጠት ፍጻመ



ሳድቅ እማኑኤ ኣብ እዋን ናጽነት

ስለ ዝዘከርኩ'የ ዝያዳ ክረጋገጽ ናብቲ ሰፈር ጀጋኑ ዝኸኑ መዓስከር ደንደን ኣስመራ ዘምርሐኩ። ምስታ ፍጻመ ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘለዎ ተጋዳላይ ድማ፡ ምስቶም ኣብ ዝጠን ዓረብያ ስንክላን ኮፍ ዝበሉ ሓርበኛታት ኩናት ኣብቲ መዓስከር ተቐበለኒ። ምእንቲ ብሒትና ክዕልል ናብ ሓደ ጽሙው ዝበለ ጽላል ግልል በልና። ብዛዕባ ታሪኽ ከዘዋግዕ ከኣ ጀመርና። ብዕላልና ድማ፡ ካብ ሕምብርቲ ኣስመራ ናብቲ ልዕሊ 300 ኪሎ ሜተር ዝርሕቀቱ ሰሜናዊ ጫፍ ኤርትራ ዘሎ ገርግር ኣስመራ ተሓምባዕና።

ንሱ ተጋዳላይ ሳድቅ ኢማኑኤ የሰፍ ይበሃል። ኣብ ግንቦት 1975 ምስ ካልኣዩ (ኮሎኔል ኣፈወርቂ ደረስ) ካብ ማይ ዕዳጋ ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ተሰሊፉ፤ ኣብ እግረ-መንገዱ ማለት ኣብ ዒን ብሊቓትን እምሃሚመን ድሕሪ ምዕላም፡ ኣብ ቦጦሎኒ 2 ሓይሊ 21 ተመደበ፤ ኣብ ደፈረ (ካርኔሽም) ነቲ ካብን ናብን ኣስመራ ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ቃፍላይት ጸላኢ ንምድምሳስ ኣብ ዝገበር ዝነበረ ድኑብያታትን ወግኣትን ድማ ተሳቲፉ።

ኣብ 1977 ምስ ምሕራር ከተማታት ኣብ መጉዓዝያ ተመደበ፤ ኣብቶን ካብ ግርሁ ስርናይ ናብ ጸሮና ዝመላለሳ ዝነበራ ኣውቶብሳት ሰውራ፤ ከም ፎቶሪና ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ እዋን ምዝላቕ ካብ ጊንዳዕ ናብ ምብራቕ ኣብ ፎሮ፤ ከበቢታት ኣረፋይለን ኢንገልን 3 ዓበይቲ መካይንን ሓንቲ ላንድሮቨርን ዝነበሩዋ ማስርዕ መጉዓዝያ ተመደበ።

ነቲ ብባሕሪ ብሞገርሳ እንገል ዝመጸእ ንብረት ሰውራ ክጓርት ምስ ተበገሱ፤ ኣብ ኣረፋይለ ሓንቲ መኪና ስለ ዝተበላሸወቶም፡ እታ መኪና ክሳብ ትዕረን ቅያር ኣቀሚሑ ካብ ሳሕል ክሳብ ዝመጽእን ንሓደ ወርሒ ኣብ ባርካ ንበይኑ ነታ መኪና ክሕሉ ጸኒሑ።

ሳድቅ እማኑኤ ኣብ 2025



እስጢፋኖስ ዝበሃል ኣባል መጉዓዝያ ሳሕል በጺሑ ድሕሪ ወርሒ ቅያር ሒዙ ምስ መጽአ፡ እታ ዝተበላሸወት መኪና ብኡ ንብኡ ተዓርያ። ድሕሪኡ ብዓል ሳድቅ ነቲ ካብ ሰገር ባሕሪ ብጀላቡ ዝመጽአ ኣቕሑ ካብ ማርሳ ኢንገል ናብ ፎሮ ብቐጻሊ ይጓርቱ ነይሮም። ድሕሪ'ዚ እቲ ንብረት ብመጻዓኛ ናብ ሳሕል ይሰደድ ነይሩ።

ብኸምዚ ድማ ሳድቅን ብጾቱን ኣብ ድሕሪ ማስመር ጸላኢ ከልበትብቶ እናበሉ ክሳብ 1980 ጸኒሖም። ሳድቅ ድሕሪ 1980 ናብ ሳሕል ተቐዪሩ፤ ኣብ ሳሕል ድማ ኣብ ኣራግ ዝነበረ ምውፋር ተመደበ፤ ናይ ኣተሓሕዛ መዘዉብ ትምህርቲ ክቐስም ድማ መደብ ተዋህቦ። የግዳስ ሳድቕ ስራሕ ምውፋር ስለ ዘይተቐበሎ፡ መራሕ መኪና ኩይኑ ከገልግል ጥራይ መረጸ፤ ሓሳብ ልቡ ሰሚሮሉ፤ ነቲ ብተመከሮ ዝተማሃሮ ምምራሕ መኪና ብዓውለ ክሰርሓሉ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል (ገርግር ኣስመራ) ተመደበ። ቦጥ ሐዚ ክሳብ 1983 ሰላሕታ ወራር ብተወፋይነት ኑቶም ኣብ ድፋዕ ዓሪዶም ዝነበሩ ተጋደልቲ፤ ካብ ተዓርብ ክሳብ ትወግሕ ምሉእ ለይቲ ሰለም ከየበለ ብጦጥ ማይ ክጓርት ይሓድር ነይሩ።

ገርግር ኣስመራ ህዝባዊ ሓይልታት ካብቲ መጀመርታ 1970ታት ኣብ መሬት ሱዳን ዓስኪሩሉ ዝነበረ ገርግር ሱዳን ናብ መሬቱ ምስ ኣተወ ዝሰፈሮ ፈላሚ ደጀኑ ዝነበረ ታሪኻዊ ቦታ'ዩ፤ ኣብ እዋን ወራራት ድማ፡ ገርግር ናብቲ ናይ ዓውደ ኩናት ግንባር ዝቐረበ ስለ ዝነበረ፤ ኩሉ ኣብቲ ግንባር ዝቕየድ ወግእ ብቐረባ ክትከታተሉ እትኽእል ሓውሲ ደጀን'ዩ። ኣብ እዋን ሰላሕታ ወራር ግን፡ ካብቲ ግንባር ናብቲ ርሱን ኩናት ዝኻየደሉ ዝነበረ ግንባር ሓልሓል ዝኸዱ ብርክት ዝበሉ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ስለ ነበራ፤ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ደርጋ ስሒሉው ነይሩ፤ ከም ሳዕቤኑ፣ ኣብቲ ግንባር ብዙሓት ሃዳፋት ስለ ተፈጥራ፤ ካብ ክፍልታትን ቤት ትምህርቲ ካድርን ዝኸተተ ተጋደልቲ ንገለ ከበቢታት ናይቲ ግንባር ሒዞም ነይሮም።

ሃንደሳ ጸላኢ ዝ. ኩነታት'ዚ ብምምዝማዝ፤ ቀጻሊ ናብቲ ኣብ ቅድሚ ግንባር ዘሎ ሓውሲ ደጀን ምስላኹን ኑቶግቲ ምቕባርን ንፈለማ ግዜ ዝተራኣየሉ ግዜ ነይሩ። ሳድቅ ብ 30 ሚያዝያ 1983 ካብ ገርግር ቦጡ ማይ መሊኡ ነቲ ካብ ከበቢ ደብር-እመን ክሳብ ከበቢ ቀብር-ወኣት ዘሎ ማእከላይ ድፋዕ ነቲ ምሉእ ለይቲ ኣብ ፈቐዶ ተኣኪቡ ዝነበረ ፈስቶታት ክመልእ ሓዲሩ፤ ከበቢ ፍርቂ ለይቲ ብቐይሕ መሬት ገይሩ ናብ ገርግር ክኣቱ ከሎ፤ ካብቲ ዘምሰዮ ናብ ከበቢ ምውፋር ምስ ቀረበ፤ ሃንደበት ብብርቱዕ ደምጺ ዝተሰነየ ማስታ ብርሃን ነቲ ህዱእ ዘምሰዮ ከበቢ ኣናወጾ።

ሳድቅ በቲ ብወጉኡ ዝበረ ጉማዩ ነቲ ኑታጊ ረጊጽዎ። ኢሳትረ ከምቲ እንፈልጣ ሰዓለ ኣብ ልዕሊ ጉማ ስለ ዝኸነ፤ ሳድቅ ሓንቲ እግሩ ብኡ-ንብኡ ክትቁረጽ እንከሎ፤ እታ ካልኣይቲ ኣብ ሰብ ማርሻ ተጠምዊያ ደርጋ ስጋን ሓጺንን ተሓዋዊሱ ንምፍላዩ ኣሸገረ። ሳድቅ ሃለዋቱ ስለ ዘጥፈአ እዚ ኩሉ ዘጋጥፎ ሓደጋ ኣይረኣየን። ንጽብሒቱ ኣብ ሕክምና ሓለቡት ከሎ'ዩ ሓንቲ እግሩ ተቐሪጻ ካልኣይቲ እግሩ'ውን ተሰፉ ዘይብላ ተጀላሊዓ ከላ ዝተበራበረ።

ዶ/ር ሃይለ ራሻ ድማ፡ እታ ካልኣይቲ እግሪ'ውን ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ስለ ዝኾነት ክቖርጻ ወሰነ። ካብኡ ንደሓር ሳድቅ መጀመርታ ናብ ዓራርብ ድሕሪኡ ናብ ክሊኒክ ፖርት ሱዳን ተወሰደ።

ስለዚ መራሕቲ መካይን ሰውራ፤ ምሉእ ለይቲ ካብ ትዓርብ ክሳብ ትወግሕ ኣብቲ ዘይጥጡሕ መንገድታት ሰለም ከይበሉ ዕጥቅን ስንቅን ተጋደልቲ ከመላልሱ፤ ኣብ እዋን ኩናት ሰራዊት ጸዒናም ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ምስ ጸላኢ ክቃዳደሙ፤ ከይደቀሱ ሓዲሮም፡ ወጋሕታ'ውን ካብታ ምምስሳል ኣሰር መኪናኦም ጀሚሮም ምሉእ መዓልቲ ጥዕና መኪነኦም ከውሕሱ ዝውዕሉ ወፍያት ነይሮም። ብኸምዚ ድማ፡ ከም ኩሉ ተጋዳላይ ተሰዊኦምን ሰንኪሎምን'ዮም። ንሶም እንተ ዘይነብሩ እቲ ሓርነታዊ ቃልስና እንታይ መልክዕ ባዕልና ንገምቶ።



## ብዛዕባ' ቶም 8 ወራራት እንታይ ትፈልጡ?

ሳልሳይ ወራር

ናይ ግንባር ፓነፊሎም ዘይምቹእነት ድሕሪ ምግምጋም ሓይልታትና ብ9-1-79 ኣዝሊቖን፡ ብምዝያወኑት ኣብ ከባቢ ግዞዞ ኣትኪለን። ጸላኢ ብ28-1-79 ካብ ማርሳ ግልቡብ ተበጊሱ፤ ናብ ውሽጢ ኣልጌና ስለ ዝበጽሐ ግንባር ግዞዞ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነቱ ኣብቂዑ። ጸላኢ ብናሮ ኣቢሉ ንናቕፋ ክኣቱ ክፍትን ይኽእል ኢዩ ተባሂሉ ስለ ዝተገመተ፤ ሩባ ሕዳይ ንመካብር ዘይምቹእ ፋሕ ዝበለ ጎቦታት ዝሓቖፈ፡ ሓይልታት ንምውህሃድ ዘይጥዕምን ጸላኢ'ውን ብጸዕቂ ከበድ ብረት ክጥሕሶ ስለ ዝኽእልን፤ ኣብቲ ነዊሕ ክንክላኸሉ ንኽእል ተባሂሉ ዝተኣመነሉ ኣብ መንጎ ሕዳይን ናቕፋን ዘሎ ቦታታት ምዕራድ ተመረጸ። ክንዲ ዝኾነ ሓይልታት ህዝ ካብ 5/2/79 ካብ ገርዓፍሩስ ጀሚሩ ጽርግያ ሰንጢቑ ንጻማን ዘሎ በረኽቲ ጎቦታት ሩባ ምያ ቀረጸ፤ ጎቦ ደንደን ሒዙ፤ ክሳብ ሩባ እንጀሓይ ዝርከብ ቦታታት ኣሲሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ከባቢ ደንደን ኣብ ሓደ መዓልትን ለይትን ክሳብ 15 ተደጋጋሚ ህጁማት ዝተፈጸመሉ ደማዊ ውግኣት ተኻዪዱ።

**ክሳራ ጸላኢ፦**

- 900 ምውታት፡ 1800 ቁሱላት፡ 115 ምሩኻት።
- ዝተሰልበ ንብረት - 10 ታንክታት፡ 12 መካይን፡ 2417 ማእከላይን ፈኲስትን ብረት።
- ዝዓነወ ደማ 18 ታንክታት

ምንጪ፦ ግንባር ናቕፋ ዞባ ጽሑፍ መጋቢት 2002

## ሕቶታት ንሓፈሻዊ ፍልጠት

1. ካብቲ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ዝተፈጸመ ፍጻመታት ሰውራ ጥቐስ?
ሀ. ሓርነት ጊንዳዕ 1978 ለ. ሓርነት ኣፍዓበት 1977 ሐ. ሓርነት ደቀምሓረ 1977
2. እቲ ኣብ 1984 ድሕሪ ምድምሳስ "ውቃው እዝ" ታንክ ብታንክ ውግእ ዝተገበረሉ ወርሒ ጥቐስ?
3. ኣብ 1977-1978 ገለ ከተማታት ብተጋደልቲ ክተሓዛ ተፈቲየን። የግዳስ ብተጋደልቲ ክተሓዛ ኣይተኻእለን። ካብኣን ክልተ ጥቐስ?
4. ህዝባዊ ግንባር ኣብ 1ይ ውድባዊ ጉባኤኡ ካብ ዘልዓሎም ጭርሖታት 2 ጥቐስ?
5. 2ይ ወራር 1978 ዝተኻየደሉ ቦታታት ኣየናይ ነይሩ?
ሀ. ዓዲ ያቆብ ለ. ዔላበርዕድ ሐ. እምማሚደ መ. ኩሉ መልሲ'ዩ

መልሲ ናይዚ ሕቶታት ኣብ ዘመጽእ ሕታም…….

## ካብ ካርቶናት ገድሊ



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

6.Position: HME SANY Mechanic

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To be responsible for the maintenance, repair, and troubleshooting of heavy mobile equipment used in mining operations.
- To play a crucial role in ensuring minimal downtime of machinery and contribute to the efficiency and safety of our mining/construction projects with your ability to read and write Chinese and additional experience on SANY trucks.
- To execute all work according to BMSC safe work rules and procedures

**Task description expanded to core performance areas**

- Safety targets achieved
- SOP requirement achieved
- Production Targets met (Costs maintained within budget)
- Manpower development achieved
- Health, Safety and Environment
- Reporting
- Additional Duties

**Unique requirements / other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| ○ Must have SANY OEM experience.<br>○ Must be able to speak and write Chinese and understandable English<br>○ Additional training or certification in heavy mechanical equipment repair is preferred | ○ Minimum 5 years of experience in repairing and maintaining SANY heavy mining equipment.<br>○ Proven SANY troubleshooting abilities and experience working with diagnostic tools will be advantageous.<br>○ Ability to read and interpret technical manuals, schematics, and blueprints OF SANY trucks.<br>○ Acceptable knowledge of HME safety and work execution.<br>○ Holder of a valid driver license. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy, Hydraulic fault-finding, Mechanical/Electrical skill, Onboard Fire Suppression Systems, Acceptable knowledge and experience on multiple underground machines, Risk Assessment, Logical Thinker | ○ Risk assessment and safety oriented, Time management, Communication (English), Able to work in a team concept, Able to share knowledge and skills with local workforce, Ability to work in a multi-disciplinary environment, Ability to work under pressure and achieve results, Self-Starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed. |

7.Position: Drill Rig Supervisor

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To be responsible for the maintenance, repair, and troubleshooting of various mine drills used in mining operations.
- To play a crucial role in ensuring minimal downtime of machinery and contribute to the efficiency and safety of our mining/construction projects.
- To execute all work according to BMSC safe work rules and procedures

**Task description expanded to core performance areas**

- Safety targets achieved
- SOP requirement achieved
- Production Targets, availabilities, met (Costs maintained within budget)
- Manpower development achieved
- Health, Safety and Environment
- Reporting
- Additional Duties

**Unique requirements / other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| ○ Diploma in Heavy Mining Equipment maintenance or Formal Trade certificate.<br>○ Additional training or certification in heavy mechanical equipment repair is preferred<br>○ Formal certified training on Mine Blast Hole Drills will be advantageous | ○ Minimum 8 years of experience in repairing and maintaining mine site blast hole drills.<br>○ Minimum 3 years of experience as Mine Drill Maintenance Supervisor on mine sites<br>○ Proven troubleshooting abilities and experience working with diagnostic tools will be advantageous.<br>○ Ability to read and interpret technical manuals, schematics, and blueprints.<br>○ Acceptable knowledge of mine site safety and work execution.<br>○ Holder of a valid driver license. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy, Hydraulic fault-finding, Mechanical/Electrical skill, Onboard Fire Suppression Systems, Acceptable knowledge and experience on multiple types of Blast Hole Drills, Report writing, Risk Assessment, Logical Thinker | ○ Risk assessment and safety oriented, Time management, Communication (English), Able to work in a team concept, Able to share knowledge and skills with local workforce, Ability to work in a multi-disciplinary environment, Ability to work under pressure and achieve results, Self-Starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

## "ዕላማ ሽልማት ታምፌዳ፡ ከመይ ገይርካ ብሓንቲ ወንጭፍ ክልተ ዑፍ ትሃርም እዩ" ኣቶ ማርቆስ ግርማጽዮን

*ንሎሚ ኣብ ዓምዲ ቃለ-መሕተት ብዛዕባ እቲ ኣብ ሃገራዊ ማርመራ 8ይ ክፍሊ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንብሉጻት ተመሃሮ ዝዕደል ዞባዊ ሽልማት ታምፌዳን ዕላማኡን ኣመልኪትና ንሓላፊ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣቶ ማርቆስ ግርማጽዮን ተወኪስናዮ ኣለና።*



**ሕቶ - ዕላልና ንምፍላም እስከ ብዛዕባ ሽልማት ታምፌዳ ግለጸልና?**

ቅድሚ ብዛዕባ ሽልማት ታምፌዳ ምዝራብና፡ ብቐንዱ መንቀሊ ናይ'ዚ ሽልማት እንታይ ምኳኑ ምርኣይ ጸቡቕ ኰይኑ ይስምዓኒ። ዕላማ ናይዚ ሽልማት'ዚ፡ ብቐንዱ ኣፍልጦ ንምሃብ እዩ። 'ኣብ ከምዚ ደረጃ ኣለኻ'ሞ በርትዕን ቀጽልን' ማበሊ እዩ። ሽልማት እንተ ደኣ ኢልና ግን፡ ሙብዛሕትኡ እዋን ዝሽሎ ሰብ ምስ ገንዘብን ረብሓን ስለ ዘተኣሳስሮ ከምኡ ማሰሉ ንኸይረአ እዩ። ካብ'ቲ ወላዲ ኣትሒዝካ ብዓይነት ይኹን ካልእ ነገራት ነቲ ተማሃራይ ካብ'ዚ ንላዕሊ ሙተባብዒ ይግበረሉ እዩ። ንሕና ከም ትካል ሃገራዊ ማሕበር ናይ መንእሰያትን ተመሃሮን ማሕበር፡ እዚ መንእሰይ እዚ ከለንትናዊ ንቕሓትን ብቕዓትን ወኒ ክሸይድ እንተ ደኣ ኰይኑ፡ ሓያል ጻዕሪ ስለ ዘድሊ፡ ካብ'ቲ ብቑጻሊ እንሰርሓሉ ዕማም እዩ። ኣተኩርና ካብ እንሰርሓሉ፡ እቲ ፖለቲካውን ማሕበራውን ከምኡ'ውን እቲ ካልእ መዳያዊ ንቕሓት እዩ። እዚ ብጥብጥ ክበጽሕ እንተ ደኣ ኰይኑ ከኣ፡ እቲ እንኮ ናብ ዓለማዊ ዓወት ዘናጽፍ ወፍሪ ወፍሪ ናይ ትምህርቲ እዩ። ትምህርቲ እቲ ቀዳማይ መፍትሒ ናይ ኩሉ ዓይነት ብድሆታት ምኳኑ ምርዳእ ኣኻሊ እዩ። ስለ'ዚ እዚ መንእሰይ'ዚ ብትምህርቲ ዝለዓለ ወጽኢት ኣመዝጊቡ ናብ ኣፍሪቃዊት ክሰግርን ብደረጃ ዓለም ተወዳዳሪ ክኸውንን እዩ ባህግና። እቲ ናትና ኣበርክቶን ስራሕን ድማ እዚ ንምርግጋጽ እዩ። እዚ ከኣ ኣብ ርእሲ እቲ ብደረጃ ሃገር ንማሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ሓላፍነት ወሲዱ ዘሎ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ምስኡ ብምኳን ንዓዪ ማለት እዩ። እቲ መደብ ድማ ካብኡ እዩ ዝቐልዕ።

**ሕቶ - ብቐንዱ እዚ ሓሳብ'ዚ ብኸመይ እዩ ኣቕሊ?**

ካብ 8ይ ጉባኤ ንደሓር እዩ ማሰለ እዚ ሓሳብ እዚ ተበጊሱ። ንተመሃሮ 11 ክፍሊ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ማትሪክ ልዑል ነጥቢ ዝዘምጽኡ ተመሃሮ 'ዛግረ' ዝበሃል ሃገራዊ ሽልማት ይወሃብ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። እዚ ሃገራዊ ሽልማት'ዚ ብኽብርት ፕረዚደንት ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ እናተዓደለ ኑዩም ተመሃሮ ኣብ ማሰርሕ ናይ'ቲ ዝሸድዎ ጉዕዞ ትምህርቲ፡ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ኣበርቲዖም ንኽኸዱ ዝዓበረ ዘበረ እዩ። ግደ ሓቂ ኣብ ምጅላላው መንእሰያት ቀሊል ኣስተዋጽኦ ኣይኮነን ገይሩ፡ ኣዘዩ ኣተባባዒ ነይሩ። ከም እምንዕተርናዕ ናይ መጻኢ ኩይኑ ክሸይድ ጸኒሑ እዩ። እቶም በዚ ማሰርሕ ሓሊፎም ኣብ ወሳኒ ቦታ ናይዚ ሃገር'ዚ ዘለዉ መንእሰያት'ውን ባዕሎም ክምስክሩሉ በቒዖም ኣለው። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ድሕሪ ባይታዊ መድረኽ ድማ ኣብ'ቲ ትግበር ንጥፈታት ወሳኒ ቦታ ንኽህልዎ ሓጊዚ እዩ። ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ፡ ንትምህርቲ ብዝለዓለ ሓላፍነት ክሰርሓሉ ዘለዎ ሚ/ሪ ትምህርቲ እዩ። እዚ ከኣ ነቲ ስሉሳዊ ዝምድና ዝበሃል ብምሕያል እዩ ክሰርሓሉ ዘለዎ። ብቕዓትን ጽሬትን ትምህርቲ ንምውሳን ኑዩም ብደረጃ ሃገር ዝተሓንጸጹ መደባት ብልዑል መንፈስ ኣብ ስራሕ ምውዓል እዩ። ዝ ንምትብባዕ ድማ ንሕና ዝዋንቐምና ናይ ምትብባዕን ንጥፈታትን ከካይዶ ሓላፍነት ወሲድና። ኣብ እዋኑ ከኣ ሚ/ሪ ትምህርቲ ሓላፍነት ክወስደሉ ኣለዎ ስለ ዝተባህለ፡ እቲ ማሕበር ናብ ካልእ ንጥፈታት ክሰግር ክኢሉ። ማሕበር ኣብ'ዚ ደው ኣይበለን፡ ነቲ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ድሕሪ ማትሪክ ኣብ ሳዋ ዝዕደል ዝነበረ ሽልማት ናብ 11 ክፍሊ መለስዎ፡ ኣብ 11 ክፍሊ ናይ 2ይ ደረጃ ጉዕዞ ትምህርቶም ክሳብ ዝዛዝሙ ቅድሚ ሳዋ ምውራዶም ኑዩም ልዑል ወጽኢት ዘመዝገቡ ተመሃሮ ዝ. ሕጂ እነዕልሎ ታምፌዳ ዝበሃል ሽልማት ክወሃብ ጀሚሩ ማለት እዩ።

**ሕቶ - እሞ እቲ ታምፌዳ እንታይ ምኳኑዶ ከተብርሃልና?**

ታምፌዳ ብቐንዱ ዋንኡ ናይ ሃማመተኤ እዩ። ታምፌዳ ማለት ከኣ መንእሰይ ማለት እዩ። ኩለን ዞባታት በበናተን ቛንቋ ተጠቂመን'ኳ እንተሰየማ፡ እቲ ትርጉሙ ግን ሓደ ኩይኑ፡ መንእሰይ ማለት እዩ። ምኽንያቱ ወግዓዊ ልሳን ናይ'ቲ ማሕበር መንእሰይ ስለ ዝኾኑ። ከም ኣብነት ዒንዳማኦ እንተ ደኣ ኢልና፡ ብቛንቋ ሳሆ ኩይኑ ዞባዊ ሽልማት ናይ ዞባ ደቡብ እዩ። ፈዲማ ከኣ ቛንቋ ዓፋር ኩይኑ፡ ናይ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ እዩ። ሻሎት ብብሌን ኩይኑ ናይ ዞባ ዓንሰባ እዩ። ፊተውራሪ ድማ ናይ ዞባ ማእከል። ኣብ'ዚ ሕጂ መንእሰይ ኢልና ኢና ንሽልም ዘለና። ታምፌዳ ከኣ ብቛንቋ ኩናማ ኩይኑ ናይ ዞባ ጋሽ ባርካ ዞባዊ ሽልማት እዩ። ስለ'ዚ በቲ ኣብ'ቲ ዞባ ዘለዋ ብዙሓት ወከልቲ ነቲ መንእሰይ ዝበል መግለጺ ንምሃብ ዝተወሃበ ስያመ እዩ። ታምፌዳ ካብ 2011 ክሳብ 2014 ኣብሉ ኣብ 11 ክፍሊ እናተወሃበ ዝቐጸለ ዝነበረ ሽልማት እዩ። ብድሕሪ'ዚ ቶግመ ስርርዕ መደባት ማሕበር ስለ ዝተጓበረ፡ ዝ. መደባት እዚ'ውን ኣካል ናይ'ቲ ስትራተጂያዊ መደባት ናይ'ቲ ማሕበር ኩይኑ ክሸይድ ስለ ዝተደለዩ፡ ንምግምጋም ማለት እዩ። ስለ'ዚ ነቶም ኑተባብዖም ዘለና ተመሃሮ ድሕሪ ምሻሎም እንታይ ወጽኢት ኣለዎ መታን ክንግምግም፡ ኣብ ማሰርሕ ናይ'ቲ ደረጃ ትምህርቲ እንክለዉ ዘይንሸልሞም ዝበል ሓሳብ ስለ ዝመጽእ ብሸሞኡ ክውሰን ክኢሉ። ምኽንያቱ 11ን 12ን ክፍሊ ኣፍን ኣፍንጫን ብምኳኖም ክንዕምዮም ኣይክእልን እዩ ስለ ዝተባህለ። እቶም ተማሃሮ ዝበርሞ መንፍዓት ከመይ ቀጺሎም፡ ዓቂጦሞዶ ከይደዶም ዋላስ ኣይዓቀብዎምን ንኽንፈልጥ ናብ 2ይ ደረጃ ኣብ ዝጥፍሉ ንድሕሪት እስከ ናብ 8ይ ክፍሊ ንምስሶ ዝበል ሓሳብ መጺኡ። ኣብ'ዚ መድረኽ እንተ ደኣ ገይርናዮ፡ ኣብ ጉዕዞ ናይቲ ትምህርቶም እንታይ ምዕባለታትን ጸልዋታትን ኣምጺኦ ብቐሊሉ ክንገምግሞ ንኽእል ኢና ተባሂሉ ዝተጓበረ እዩ። ብዓብኡ እቲ ጀነራል ዝበሃል መዐቀኒ ናይ ሃገራዊ መርመራ'ውን ኣብ 8ይ ክፍሊ ስለ ዝኾኑ እስከ ነዞም ኣብ'ዚ ክፍሊ ልዑል ነጥቢ ዘመዝገቡ ተመሃሮ ነተባብዖም ተባሂሉ ዝመጽአ እዩ።

**ሕቶ - ተሸላሚ ታምፌዳ ክኸውን እንተ ደኣ ኩይኑ ገምጋም እቲ ዘመዝገቦ ነጥቢ ክንደይ እዩ ክኸውን ዘለዎ?**

ተሸላሚ ናይ መንእሰይ ኣዋርድ (ታምፌዳ) ክኸውን እንተ ደኣ ኩይኑ እቲ ሃገራዊ መዐቀኒ ልዕሊ 85 ሚእታዊት ገምጋም ከመዝግብ ክኽእል ኣለዎ። በዚ ኣገባብ እዚ ከኣ ክሳብ ሕጂ ክንከይደን ከተባብዐን ጸኒሕና ኣለና። ብሰሪ ሕማም ኮሮና ምቁራጽ ኣቋሪጹ እኳ እንተ ጸንሐ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ ሰዓት ከም'ቲ ዝነበሮ ይቕጽል ኣሎ። ስለ'ዚ እቲ መንፈስን ኣበጋግሳን እቲ ሓሳባት ናይ ታምፌዳ ዝ. እዩ ዝመስል።

**ሕቶ - ብቐንዱ ሃማመተኤ ዝ. ሽልማት እዚ ክህብ ዝበሎ ምኽንያት ወይ ዕላማ እንታይ እዩ ?**

ሃማመተኤ ዝ. ሽልማት እዚ ከጥዕስ እንከሎ ንኽልተ ነገራት ዝዓለመ እዩ። ሓደ፡ እቲ ብቕዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ እጃምና ክንገብር ስለ ዘለና እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ እቲ መንፈስ ናይ ምውድዳር ክዓቢ ስለ ዘለዎ'ዩ እዚ ሓሳብ ኣቒሉ። ንሓደ መንእሰይ እቲ መድረኽ ፖድዮም ወሳኒ እዩ። ኣብ ቅድሚ ማዕርኡ ኣደይብኻ ትሽልሞ እንተ ደኣ ኣለኻ ብዙሓት ነታ ኣሰላ ናይ ዓወት ክድይቡ ከይደቀሱ እዮም ዝሓድሩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ውድድራት እዩ ድማ እቲ ብቕዓት ትምህርቲ ክህሉ ዝኽእል። ዝ. ድማ ማሕበር ከም ሓላፍነት ሒዙ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ኣሎ። ስለዚ ዕላማና፡ እቶም ኣብ ጸቡቕ ሓዲድ ዘለዉ ተመሃሮ ዝያዳ ኣበርቲዖም ንኽሰርሑ፡ እቶም ንዕኦም ክሰግርዎም ዝደልዩ ድማ ኣብ'ታ ሓዲድ ናይ ዓወት ንምምጻእ እዩ። ምኽንያቱ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ማሰርሕ ናይ ምድፍፋእን ምውድዳርን ኣቡዩም መንእሰያት ምጽልላው ስለ ዝፈጥር።

**ሕቶ - ወለዲ ደቆም ተሸለምቲ ወይ ዕዉታት ናይ ታምፌዳ ንክኾኑ ዝገብርዎ ጻዕርታት ከመይ ይመስል?**



ንዕልናን ንሕና እናተመኩርናሉ ዝኸድና ናይ ምጽልላው ኣገባብን ተመኩሮታትን ኣሎ። ካብ'ቲ ክንሽልም ዝጀመርናሉ እዋናት ኣትሒዝና፡ እዚ ዞባዊ ሽልማት'ዚ ኣብ ሓደ ማእከላይ ቦታ ተሸለምትን ወለድን ብምጽዋዕ ኢና፡ ነቲ ጽንብል ስነ-ስርዓት ምዕዳል ናይ'ቲ ሽልማት ነካይዶ ነይርና። መታን ናይ ምጽልላው መድረኽ ክፈጥር ተባሂሉ'ውን ብሚድያ 'ከምዚ ሸለምና ኣለና' ኢልና ከም ዝቃላሕ ንገብር ነይርና። ደሓር እንተ ሓሰብናሉ ግን እቲ ዝበዝሐ ተማሃራይ ክጽሎ እንተ ደኣ ኩይኑ፡ እቲ ምዕዳል ናይ'ዚ ሽልማትዚ 'ኣብ ቅድሚ እቶም ማዕርኡ ክኸውን ኣለዎ' ብዝብል መንፈስ ዞባዊ ወህደት ብዘለዎ ኣገባብ ዕዉታት ኣብ ቅድሚ ማዕርኦም ኣብታ ዝመሃሩላ ቦታ ከም ዝሽለሙ ንገብር ኣለና። በዚ መንጽር እዚ፡ እቶም ወለዲ'ውን ብኣካል ነቲ መደብ ሽልማት እናተሳተፍዎ ይኸዱ ስለ ዘለዉ፡ ኣፍሲ-ወከፍ ስድራ፡ ደቃ ተሸለምቲ ክኾኑ ሓያል ጻዕርታት እያ ትገብር። ማሕበር ከኣ ዝ.እ እዩ ዝደፍኣና ከም ታርጌት ዝወሰድና። ሚ/ሪ ትምህርቲ'ውን ምስ ፒቲኤ ማለት ኮሚቴ ወለዲ ብምውህሃድ ብዘውስዶ ዘሎ ተበግሶ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ንብሉጻት ተመሃሮአን ክሽልማ ኣብ ሚድያ ንዘዘን ኣለና። መንቀሊ ሓሳብን ጽልዋን ናይ'ዚ መደብ'ዚ ድማ እዚ ኣብ ዞባኡ ዝወሃብ ዘሎ ሽልማት መንእሰይ እዩ። ኣብ'ዚ ሕጂ ሰዓት ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ማትሪክን መርመራ 8ይ ክፍሊን ንዕዉታት ተመሃሮአን ዘተባብዑ ዘለዋ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሰሰና ይመጽኣ ኣለዋ። ስለ'ዚ ኮማዊ ስረት እናሓዘ ይመጽእ ኣሎ ማለት እዩ። ስለ'ዚ ህዝቢ ሓላፍነት ወሲዱ ንደቁ ክሽልም በቒዑ ኣሎ ማለት እዩ። ንሕና ብድሕሪ'ዚ ጉዳይ እዚ'ኸ ኣብቲ ሕብረተ-ሰብ 'እንታይ ኢና ክንገብር' ናብ ዝብል ደረጃ ንመጽእ ኣለና። ብመሰረቱ ናትና ዕላማ፡ ንቕሓትን ውዓየን ፈጢርካ ነቲ ሓፈሻዊ ሃገር ዝጠልቦ ዕዉትን ብቑዕን መንእሰይ ንምፍጣር ስለ ዝኾነ፡ ከመይ ገይርካ ዝተፈላለየን ሓደስትን መንገድታት እናፈጠርካ ትኸይድ እዩ። ስለዚ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ዝ. ናይ ምትብባዕ ስጉምቲ ናብ ሓደ ዘተኣማምን ደረጃን ምዕራፍን ኣብጺሐንኦ ኣለዋ ማለት እዩ። ብድሕሪ'ዚ ናብዩ ደረጃ ኢና ክንመጽእ እናረኣናዮ ክንከይድ ኢና።

**ሕቶ - ሕራይ ቀጽል!**

እቲ ካልኣይ ከም ሓደ ረቛሒ ክንጠቕሶ እንኽእል ከኣ፡ እዚ ንጥፈታት'ዚ ዋላ ነቲ ማሰርሕ ናይ ውዳበታትና ከይተረፈ እናጸለዎ'ዩ መጺኡ። ነቲ ካብ ፊተውራሪ ጀሚርካ ቀያሕቲ ዕንቡባ ሕመረት፡ ካድራት እናበልና እነምጽኦ ማሰርሕ ናይ ውዳበታት፡ እዞም ብሉጻት ተመሃሮ እናተሓወሱዎም ዋንኡ እናተሰምዖም ይኸዱ ኣለው። ስለ'ዚ ብኽለንትናኦም ንቑሓት መንእሰያት ናይ ምጥራይ ዕድላት'ውን ንፈጥር ኣለና። ስለዚ በቲ ካልእ መዳዩ፡ እቲ ተልእኾ ናይቲ ማሕበር ከኣ ሽቶኡ እናወቐዐ ይኸይድ ኣሎ ማለት እዩ። እዞም ኩሎም ኣብ 8ይ ክፍሊ ዝሸለሙ ተመሃሮ፡ ኣብ 8ይ ክፍሊ ናይ ፊተውራሪ ስልጠና ክወስዱ ክኽእሉ ኣለዎም። ድሓርም ከኣ ናብ ደረጃታት ሕመረት፡ ካድር ክሰግሩ ክኽእሉ ኣለዎም። መታን ጸለውቲ መንእሰያት ኩይናም ክቕጽሉ። ስለ'ዚ ንሕና ዕላማና ብሓንቲ ወንጭፍ ከመይ ገይርካ ክልተ ዑፍ ትሃርም እዩ። ብሓፈሻ ተመሃሮ ኑበይም ከሐዩሉን ክሸሹን በቲ ሓደ፡ በቲ ካልእ ከኣ ንጽባሕ ንሃሀ ንዝገሮምን ንሕብረተሰቦምን ክኾኑ ዝኽእሉ ብቑዓት ካድራት ከፍሪ እዩ እቲ ሓሳብ፡ ናይ ብሓቂ ከኣ ወጽኢቱ ብዮዘበሪ ንርእዮ ኣለና። ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየን ለውጢ እናገበረን ይኸይድ ኣሎ። ኣብ ኩሉ'ቲ ዝገበር ውድድራት ናይ ቅኑውዳትታትና ዘቕርብዎ ናይ ፖለቲካዊ ንቕሓት ትንተናን መደረታትን ወጽኢት ናይ'ቲ ክገበር ዝጸንሐ ወፍሪ እዩ። ናይ ንቕሓት መደባት ክንዕቅኖ ረቂቕ'ኳ እንተኾኑ፡ ኣብ መድረኽን ግዜን እናረኣኻዮ ስለ ትኸይድ ተስፋታት ዝሀብ እዩ። ኣብ ምውርጻጹን ምክትታሉን ከመይ ገይርካ ኢኻ ክትሕዞ ግን ሓያል ስራሕ ከድልየና እዩ። እዚ ከኣ ሓያል ዝምድና ኣብ መንጎ ማሕበርን እቲ ሕብረተሰብን ክፈጥረልና ክኢሉ እዩ።

ይቕጽል.....



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዳዊት፡ ኣብ ቦስተን ተዓዊቱ

ኤርትራዊ ኣትሌት - ዳዊት ስዩር፡ ትማሊ ኣብ ኣመሪካ ከተማ ቦስተን ኣብ ዝተኻየደ ንመበል 15 ውድድር 5000 ሜተር ተዓዊቱ።




ዳዊት፡ ኣብዚ ውድድር ብ13 ደቒቕን 33 ካልኢትን እዩ ንበሪጣንያዊ ፓትሪክ ደቨርን ኬንያዊ ኣሞን ከምባዩን በሊጹ ቀዳማይ ወጺኡ።

እዚ ወዲ 20 ዓመት ኣትሌት ሚኒስትሪ ሕርሻ (ክለብ ፍረ-ጻዕሪ)፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ዓበይቲ ውድድር ብሉጽ ቁመና የርኢ ምህላዉ ይሕበር። ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ኣብ ቫለንሺያ ኣብ ናይ 10 ኪሎሜተር ዝዘረሞ 27 ደቒቕን 21 ካልኢትን ዝቖልጠፈ ኤርትራዊ ግዜ ናይቲ ርሕቀት ኮይኑ ነይሩ። ኣብ ወርሒ መጋቢት'ውን ውሽጢ ገዛ (Indoor) ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዓለም ሻምፒዮን ኣብ 3000 ሜትሮ ዓሰርተ ደረጃ ሒዙ ነይሩ።

ትማሊ ንፈለማ ግዜ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዘካየዶ ውድድር ድማ ቦኽሪ ዓወት ሰኒዱ ኣሎ። "ኣዝየ ተሓጒሰ ኣለኹ፣ ዳግማይ ተመሊሰ ክዕወት'ውን እደሊ" ድማ ኢሉ ድሕሪ ዓወት - ሓደ ካብ ትስፉዋት ኣትሌታት ሃገርና ዳዊት ስዩር።

## ሩዲገር፡ መጥባሕቲ ከካይድ ከምዝኽእል ተገሊጹ

ጀርመናዊ ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ - ኣንቶኒዮ ሩዲገር፡ መሓስ ምኽኑ ንጹር ኣብ ዘይኮነ ግዜ ኣብ ጸጋማይቲ ብርኩ መጥባሕቲ ከካይድ ከምዝኽእል ተገሊጹ።

ሓደ ካብ ወሰንቲ ተጻወትቲ ናይዛ ጋንታ ዝኾነ ሩዲገር ዝሓለፈ ወርሒ ሉኡኽ መጉዳእቲ ከምዝገጠሞ ይዝከር። ካብ ገለ ጸወታታት ድማ ክእለ ተቐሲቡ እዩ።

ካብቲ ኣብዚ ወቕቲ ሳልሳይ ዝበዝሐ ግጥሚት ንጋንታኡ ዝተሰለፈ እዚ ተኸላኻሊ፡ ካብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ምስ ተመልሰ ቀጻሊ ኣብ ጸጋመይቲ ብርኩ ፋሻ ተጠቒሉ ክጻወት እዩ ዝርአ ዘሎ። እዚ ወዲ 32 ዓመት ተቓላሲ ተጻዋታይ ንዝሓለፈ ሓደ ወርሒ ምስ ቀጻሊ ቃንዛኡ ይጻወት ምህላዉ ኸኣ ትማሊ ዝወጸ ሓበሬታ ኣረጋጊኡ።

እዚ እናኾነ ሩዲገር፡ ጋንታኡ ኣብ ወሳኒ መድረኽ እንከላ መጥባሕቲ ክገብር ኣይደለየን። ሸሕ'ኳ ቃንዛ እንተሃለዎ፡ ክሳብ መወዳእታ ተወፋዩ ክጻወት እዩ ወሲኑ ዘሎ።

ሪያል ማድሪድ፡ ወላ'ኳ ካብ ሻምፕዮንስ ሊግ ብኣርሰናል እንተተገልፈት፡ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኮፓ ደል ረይ ኣንጻር ባርሰሎና ጸወታ ይጸንሓ - 26 ሚያዝያ። ኣብ ላ'ሊጋ ኣብዚ እዋን'ዚ ኒታ መራሒት ዘላ ባርሰሎና (ናይ ትማሊ ጸወታ ናይ ባርሳ ከይተደመረ) ብኣርባዕተ ነጥቢ ጥራይ ድሒራ ካልኣይቲ ኮይና ትስዕብ ኣላ።

ማድሪድ፡ ብመጉዳእቲ ቀዋሚት ተኸላኸልታ ተጉዲኣ እያ። መላፍንቲ ሩዲገር ዝኾኑ ዳኒ ካርቫሃልን ኢደር ሚሊታኦን ሰሪ ዝተፈላለየ መጉዳእቲ ካብ ዝሓለፈ ዓመት (ብተኸታታሊ ኣብ ጥቅምትን ሕዳርን መጉዳእቲ ኣጋጢምዎም) ክሳብ ሕጂ ካብ ጸወታ ርሒቖም ምህላዎም ይፍለጥ። ኣላባ ድማ ወላ'ኳ ድሕሪ ዓመት ካብ መጉዳእቲ እንተተመልሰ፡ ኣብቲ ዝፍለጦ ብሉጽ ቁመና ከምዘየለ ግና ይሕበር።



ሩዲገር፡ ቃንዛኡ ተጻዊሩ ምጽዋቱ ግና፡ ምስ ብዙሕ ግጥሚት ቁመናኡ ክጎድል ቀሲብዎ ይርከብ። ኣብ ካልኣይ እግሪ ኣንጻር ኣርሰናል ዘርኣዮ ደምባርባር ድማ ንጹር ኣብነት እዩ።

በዚ ኮይኑ በቲ ናይ መወዳእታ ወሳኒ መጥባሕቲ ሩዲገር ክሳብ ምዝዛም'ዚ ወቕቲ ኣይክፍለጥን እዩ። ክሳብ ሽዑ ድማ እዚ ተኸላኻሊ ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ጸወታ ደሊው ኮይኑ መታን ክቕጽል ዕለታዊ ምስ ናይ ተሃድሶ ኣካላዊ ብቑዓት ጋንታኡ እናሰርሐ ክቕጽል ትጽቢት ኣሎ።

## ስለምንታይ'ዩ መሃያ ተቐዳደምቲ ብሽክለታ ካብ ተጻወትቲ ኲዕሶ እግሪ . . . ?

ቅድድም ብሽክለታ፡ ሓደ ካብቶም ፍሉጣት ዓውደ ስፖርት እዩ፣ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለም'ውን ርሱን ውድድር ብሽክለታ ይሰላሰል እዩ።




እዚ ልዑል ወጻኢታት ዝጠልብ ዓውዲ ዓቢ ተወፋይነት፡ ደሰፕሊንን ልምምድን'ውን ይሓትት። ብፍላይ ብመንጽር ወጻኢታት፡ ሓደ ካብቶም ንኽትጅምሮም ዝፍ ማጠን ገንዘብ ዝሓትት እዩ፣ በዚ ድማ ብዙሓት ድሌት ዘለዎም ሰባት፡ ሰሪ ሕጽረት ገንዘብ ክጅምርዎ ወይ'ውን ጀሚሮም ክቕጽልዎ ይኸብዶም።

ብመዳይ ኣታዊ እንተረኣናዮ ግና፡ ምስቶም ካልኦት ዓበይቲ ዓይነታት ስፖርት ብምንጽጻር፡ ትሑት ኣታዊ እዩ ዘለዎ።

ቅድድም ብሽክለታ ምስ ኲዕሶ እግሪ ብምንጽጻር፡ ዝለዓለ ደረጃ ዘለዎ ፕሮፈሽናል ተቐዳዳማይ ዓመታዊ ዝረኽቦ እቶት፡ ምስ ተመሳሳሊ ደረጃ ዘለዎ ተጻዋታይ ኲዕሶ እግሪ ዓመታዊ ዘኻዕብዎ ገንዘብ ናይ ሰማይን መሬትን ፍልልይ እዩ ዘለዎ።

ንኣብነት፡ ናይ ኲዕሶ እግሪ ዝለዓለ ተኸፋሊ፡ ኣጥቃዓይ ኣል-ናስር ክርስቲያኖ ሮናልዶ፡ ዓመታዊ ልዕሊ 200 ሚልዮን ዶላር ናብ ማሕፉዳኡ የእቱ። ኣብዚ እዋን ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ዝለዓለ ስም ዘለዎ - ታደይ ፖጋቻር ግና ዓመታዊ እቶቱ ትሽዓተ ሚልዮን ዶላር ጥራይ ምኻኑ ይሕበር።

ልክዕ እዩ ናይ ሮናልዶ መሃያ ኣዝዩ ዝተጋነነ እኳ እንተኾነ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ኤውሮጳ ዘለዉ ብሉጻት ተጻወትቲ ኲዕሶ እግሪ ካብ ጋንታኦም ዝወስዱዎ መሃያ'ውን እንተርኢና፡ ንናይ ተቐዳደምቲ ብሽክለታ ደሞዝ ብዕጽፍታት እዩ ዝበልጹ። ሮበርቶ ሌዋንዶውስኪ - ባርሰሎና፡ ኤርሊንግ ሃላንድ - ማን ሲቲ፡ ኪሊያን ምባፐ - ሪያል ማድሪድ፡ ሃሪ ኬን - ባየር ሙኒክ ከምኡ'ውን ሞ ሳላሕ - ሊቨርፑል፡ ኣፍሲ-ወከፎም ዓመታዊ ልዕሊ 20 ሚልዮን ዶላር ከምዝኽፈሉ ይግመት።

### ገለ ካብቲ ምኽንያታት፤ ዓለምለኻዊ ህቡብነት

ኲዕሶ እግሪ፡ ምስ ቅድድም ብሽክለታ ብምንጽጻር፡ ብደረጃ ዓለም ዝበዝሑ ሰዓብቲን ደገፍቲን ኣለውዎ። ወጻኢት ናይዚ ድማ ዝለዓለ እቶት ኣለዎ።

ብዘይካ'ኡ ኩሎም ብኣካል ንኲዕሶ እግሪ ዝዕዘቡ ኣብ ስታድዩም ገንዘብ ከፊሎም እዮም ዝኣትዉ። ብኣካል ንቅድድም ብሽክለታ ዝዕዘቡ ግና፡ ምናልባት ኣብተን ናይ ከተማ ውድድራት ወይ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ናይ መዛዘሚ ሕንጻጽ ጥራይ እዮም፡ ከፊሎም ዝርእዩ። እቲ ዝወሓለ ኪሎሜተራት ኣብ በረኻ ስለዝካየድ ኣይከፍሉን እዮም።

### ዘኻዕብዎ እቶት

ናይ ኲዕሶ እግሪ ሽፈን ተለቪዥንን ምወላን ልዕሊ ናይ ቅድድም ብሽክለታ ኣታዊ ከምዘለዎ ይገልጽ።

### ምወላን ምውዕዋዕን

ወላ'ኳ ቅድድም ብሽክለታ ምወላ እንተሃለዎ፡ ከም ናይ ኲዕሶ እግሪ ግና ዓቢ መኽሰብ ዝርከቦ ኣይኮነን። ዋሕዲ ናይ ሚድያ ሽፈን'ውን ገለ ካብቲ ብደሃይታት እዩ።

### ጠለብ ዕዳጋ

ልዑል ጠለብ ዕዳጋ ተጻወትቲ ኲዕሶ እግሪ፡ ንኣታዊታቶም ዘበርኽ እዩ፣ ብኣንጻሩ፡ ጠለብ ተቐዳደምቲ ብሽክለታ ብዙሕ ብዘይምኻኑ፡ መሃያኦም ዘበቢ ኣይኮነን።

### ቢጀት ጋንታታት

ካብ ምወላ፡ መሸጣ ተጻወትቲ፡ ሽልማትን ካልኦትን ዝምርከስ ቢጀት ጋንታታት ኲዕሶ እግሪ፡ ምስ ናይ ቅድድም ብሽክለታ ብምንጽጻር፡ ዓቢ ጋግ እዩ ዘለዉ።

እዞን ካልኦትን ምኽንያታት'ዩ ድማ፡ ንመሃያ ተጻወትቲ ኲዕሶ እግሪ ካብ ናይ ተቐዳደምቲ ብሽክለታ ዝበዝሐ ክኸውን ደሪኺዎ ዘሎ።

ብሓፈሻ፡ እቶም ኣብ ስታድዩም ኣቲኻ ዝርኣዩ ዓውዲታት ስፖርት፡ ዝለዓለ ኣታዊ እዮም ዝረኽቡ - ምስቲ ኣብ ርሕቀት ዘለዎ ቦታን ነዊሕ ጽርግያታትን ዝኣንገድ ቅድድም ብሽክለታ ብምንጽጻር።

## ራምሲ፡ ኣሰልጣኒ ኮይኑ

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ኣርሰናል - ኣሮን ራምሲ፡ ትማሊ ግዜያዊ ኣሰልጣኒ ክለብ ካርዲፍ ሲቲ ኮይኑ ተመዚዙ።

ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ኲዕሶ እግሪ እንግሊዝ እትጻወት ካርዲፍ፡ ካብ 43 ግጥሚት 42 ነጥቢ ኣኪባ መበል 23 ተርታ ትርከብ። በዚ ሓዚኑ ዘላን ናብ ታሕተዋይ ሊግ (ሳልሳይ ዲቪዥን) ዘውረዳን ወጽኢት ድማ ንዓለማዊኣ ኦመር ሪዛ ኣብሪሩቶ።

ዌልሳዊ ኣከፋፋሊ ራምሲ ኸኣ ክሳብ ምዝዛም ናይዚ ወቕቲ ዝተረፋ ሰለስተ ግጥሚት ክመርሓ እዩ። ጸባሕ ኣንጻር ኦክስፎርድ ዝተባህለት ክለብ ክኣ ከም ኣሰልጣኒ ቀዳማይ ተመክሮኡ ክቐስም እዩ። 24 ክለባት ዝሕዘ እዚ ዲቪዥን ኣፍሲ-ወከፍ ክለብ 46 ግጥሚት እያ ተሰላስል።

ፕሮፈሽናል ናይ ዓበይቲ ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብዛ ጋንታ ዝጀመረ - ራምሲ፡ ደጊሙ ኣብ ሓምለ 2023'ውን ተመሊሱዋ ነይሩ፣ ሰሪ መጉዳእቲ ግና፡ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕሉ ብዙሕ ክጻወተሉ ኣይኸኣለን። ዛጊት ብወግዒ'ውን ጥሮታ ኣይወጸን ዘሎ - ከም ተጻዋታይ እዛ ጋንታ እዩ ዝሕሰብ።


ኦመር


ራምሲ

## ነገር ኣሎንሶ

ዓሳሚ ባየር ለቨርኩሰን - ዣቢ ኣሎንሶ፡ ኒቲ ስሙ ምስ ሪያል ማድሪድ ተኣሳሲሩ ዝለዓል ዘሎ ዜና መልሲ ሂቡሉ።

ካብ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ብኣርሰናል ዝተገልፈት ሪያል ማድሪድ፡ ኣዚ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ኣብ ራዳራ ኣእትያቶ ምህላዉ እዩ ዝሕበር፣ ዝሓለፈ ዓመት ተቓምቶ ምንባሩ'ውን ይዝከር።

ኣሎንሶ ግና፡ "ብዛዕባ መጻኢያይ ክዛረብ ግዜኡ ኣይኮነን። ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ኣገዳሲ መድረኽ ኢና በጺሕና ዘለና። ስለ'ዚ ብዛዕባ'ዚ ወረታት ክዛረብ ኣይደልይን እየ፣ ኣብዚ ግዜ ዚጋጥም ዘሎ እዩ ዝያዳ ዘገድሰኒ" ክብል መሊሱ።

## እንታይ ከ ይበሃል ኣሎ?

* ጁቬንቱስ፡ ኢንተር ሚላንን ናፖሊን ንኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ራስሙስ ሆይሉንድ ንምፍራም ተጉዪሰን ኣሕዲረን ምህላወን ካልቾሜርካቶ ዝተባህለት ናይ ኢጣልያ ጋዜጣ ሓቢራ።

* ማን ሲቲ፡ ንወዲ 25 ዓመት ኣከፋፋሊ ኖቲንግሃም - ሞርጋን ጊብስዋይት ንምፍራም ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ውድድር፡ ሳዕለዋይ ኢዱ ሒዙ ኣሎ - ብመሰረት ጋዜጣ ታይምስ።

ዝመጽእ ወቕቲ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ንምስታፍ ዘኽእላ ደረጃ ንምሓዝ እትቃለስ ዘላ ኖቲንግሃም፡ ነዚ እንግሊዛዊ ክትሸጦ መደብ የብላን።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

**ፕሪመር ሊግ**

ኢፕስዊች - ኣርሰናል 4፡00 ድ.ቀ
ማን ዩናይትድ - ዎልቨስ 4፡00 ድ.ቀ
ፉልሃም - ቸልሲ 4፡00 ድ.ቀ
ሌስተር ሲቲ - ሊቨርፑል 6፡30 ድ.ቀ

**ላ'ሊጋ**

ሪያል ማድሪድ - ኣትሌቲኮ በልባኦ 10፡00 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ቦሎኛ - ኢንተር ሚላን 7፡00 ድ.ቀ
ኤሲ ሚላን - ኣታላንታ 9፡45 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

ቶተንሃም - ኖቲንግሃም 10፡00 ድ.ቀ

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| በት ማሽጣ መድሃኒት ኣስመራ<br>ፋርማሲ ኣሸፋእ<br>ፋርማሲ ጻህያ | 20/04/25 | ጎደና ሓርነት ቁ.93-95 ጥቓ መንግስቲ ኣየር ኤርትራ<br>ጎደና ከሊዓውታ ቁ.57 ኣኽርያ ነበ. እንዳ ዓሊ በኹት<br>ጎደና ፒጀረት -751ጥቓ ፋብሪካ ፊኖ ቀደሓ ባሕሪ | 1204891<br>07157709<br>188159 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services